# ኣመራርፃን ኣቀራርባን ክብርታት ትግራይ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ብመንፅር ስነ ፅሑፍ ንምስትምሃር ባህሊ

ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ንዝዋሃብ ካልኣይ ዲግሪ ንምርካብ ብክፋል መማልኢ ዝቐረበ መፅናዕቲ

ብ

ብርሃነ ገብራይ ትኩእ

ዩኒቨርሲቲ መቐለ
ኮለጅ ሕብረተሰብ ሳይንስን ቋንቋታት
ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ፣ ስነ ፅሑፍን ፎክሎርን ትግርኛ
መርሃ ግብሪ ድሕረ ምረቓ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ

ነሓሰ፤ 2017 ዓ.ም.
መቐለ

ዩኒቨርሲቲ መቐለ
ኮለጅ ሕብረተሰብ ሳይንስን ቋንቋታት
ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ፣ ስነ ፅሑፍን ፎክሎርን ትግርኛ
መርሃ ግብሪ ድሕረ ምረቓ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ

# ኣመራርፃን ኣቀራርባን ክብርታት ትግራይ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ብመንፅር ስነ ፅሑፍ ንምስትምሃር ባህሊ

ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ዘዋሃብ ካልኣይ ዲግሪ ንምርካብ ብክፋል መማልኢ ዝቐረበ መፅናዕቲ

ብ
ብርሃነ ገብራይ ትኩእ

ኣማኻሪ
ጌታሁን መሰለ (PhD)

ሓጋዚ ኣማኻሪ
ኣታኽልቲ መኮነን

ነሓሰ፤ 2017 ዓ.ም.
መቐለ

# ዩኒቨርሲቲ መቐለ
# ኮለጅ ሕብረተሰብ ሳይንስን ቋንቋታት
# ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ፣ ስነ ፅሑፍን ፎክሎርን ትግርኛ
# መርሃ ግብሪ ድሕረ ምረቓ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ

## ኣመራርፃን ኣቀራርባን ክብርታት ትግራይ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ብመንፅር ስነ ፅሑፍ ንምስትምሃር ባህሊ

ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ዝዋሃብ ካልኣይ ዲግሪ ንምርካብ ብክፋል መማልኢ ዝቐረበ መፅናዕቲ

**ኣባላት ቦርድ ፈተና**

| | ዕለት | ክታም |
|---|---|---|
| ናይ ደገ ፈታኒ | | |
| ______________________ | __________________ | ______________ |
| ናይ ውሽጢ ፈታኒ | | |
| ______________________ | __________________ | ______________ |
| ዋና ኣማኻሪ | | |
| ጌታሁን መሰለ (ዶር.) | __________________ | ______________ |
| ሓጋዚ ኣማኻሪ | | |
| ኣታኽልቲ መኮነን (MA) | __________________ | ______________ |
| መሳለጢ መድረኽ | | |
| ______________________ | __________________ | ______________ |

ነሓሰ፤ 2017 ዓ.ም.
መቐለ

# መግለፂ ዋንነት መፅናዕቲ

እዚ ኣመራርፃን ኣቀራርባን ክብርታት ትግራይ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ብመንፅር ስነ ፅሑፍ ንምስትምሃር ባህሊ ብዝብል ርእሲ ዝቐረበ መፅናዕቲ ኣብ ዩኒቨርሲቲ መቐለ ኮለጅ ሕብረተሰብ ሳይንስን ቋንቋታት ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ፣ ስነ ፅሑፍን ፎክሎርን ትግርኛ መርሃ ግብሪ ድሕረ ምረቓ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ዝቐረበ እዩ። እዚ መፅናዕቲ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ዝዋሃብ ካልኣይ ዲግሪ ንምርካብ ብክፋል መማልኢ ዝቐረበ መፅናዕቲ ኮይኑ፤ ኣድለይቲ ሓገዝቲ መፅሓፍትን ተጠቒመ ዝሰራሕኽዎ እዩ። እዚ ስራሕ ናይ ባዕለይ ፈላማይ መፅናዕቲ ዝኾነን ኣብ ዝኾነ ይኹን ትካል ዘይቀረበን ምኳኑ ብፊርማይ የረጋግፅ።

ስም፤ ብርሃነ ገብራይ ትኩእ

ፊርማ፤

ዕለት፤

# ማራ መፅናዕቲ

*እዚ መፅናዕቲ ኣመራርፃን ኣቀራርባን ክብርታት ትግራይ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ብመንፅር ስነ ፅሑፍ ንምስትምሃር ባህሊ ዝፈተሸ እዩ። ኣመራርፃን ኣቀራርባን ክብርታት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ንክብርታት ትግራይ እውንታዊ ብዝኾነ መንገዲ ዘካተተ ድዩ ንዝብል ሕቶ ንምምላስ ፈላማ እቶም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ዝርከቡ ስነ ፅሑፋዊ ስራሕቲ ተፈልዮም። ብምቕፃል ኣብ ውሽጢ እዞም ስነ-ፅሑፋዊ ፅሑፋት ብስውር ዝቐረቡ ክብርታት ትግራይ እንታይ እንታይ ከም ዝኾነ ብዕላማ ሜላ ኣታሓራርያ መረዳእታ ኩሎም ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ተፈቲሾም። ቀፂሉ ኣመራርፃን ኣቀራርባን እቶም ክብርታት ትግራይ ብመንፅር ዓላማውን ትግራዋይነትን ዝህልዎም እወንታዊ ፅልዋ ንምስትምሃር ባህሊ መሰረት ተገምጊሞም። በዚ ድማ መብዛሕትኦም እቶም ፅሑፋት ክብርታት ህዝቢ ትግራይ ዘካተቱን ኣብ ምስትምሃር ባህሊ ትግራይ እወንታዊ ኣስተዋፅኦ ዘለዎምን ኮይኖም ተረኺቦም። ብምኳኑ ካብዛ መፅሓፍ ተሞኩሮ ተወሲዱ ኣብ ካልኦት መፅሓፍቲ ቋንቋ እውን ተመሳሳሊ ስራሕ ክስራሕ ኪኢላታት ስርዓተ ትምህርትን መዳለውቲ መፅሓፍትን ነዚ መፅናዕቲ ከም እታወት እንተዝጥቀሙሉ ዝበል ለበዋ ተዋሂቡ።*

# ሰደቓ ትሕዝቶ

**ትሕዝቶ** **ገፅ**


መግለፂ ዋንነት መፅናዕቲ ....................................................................i

ማራ መፅናዕቲ ....................................................................ii

ሰደቓ ትሕዝቶ....................................................................iii

ምስጋና ....................................................................v

ምዕራፍ ሓደ ....................................................................1

መእተዊ ....................................................................1

1.1 ድሕረ ባይታ መፅናዕቲ ....................................................................1

1.2 ሓተታ መፅናዕቲ....................................................................3

1.3 ዕላማ መፅናዕቲ ....................................................................3

1.3.1 ሓፈሻዊ ዕላማ....................................................................4

1.3.2 ዝርዝር ዕላማታት ....................................................................4

1.4 ረብሓ መፅናዕቲ ....................................................................4

1.5 ደረት መፅናዕቲ....................................................................5

ምዕራፍ ክልተ ....................................................................6

ጻህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሓሳባትን ቅዱማት መፅናዕትታትን ....................................6

2.1 ጻህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሓሳባት ....................................................................6

2.1.1 እንታይነት ማሕበራዊ ክብርታት....................................................................6

2.1.2 ባህርታትን ረብሓታትን ማሕበራዊ ክብርታት ........................................8

2.1.3 ስነ-ፅሑፍ ከም ማህደር ክብርታት ማሕበረሰብ.......................................12

2.1.4 ስነ-ፅሑፍ ከም መስተምህሪ ባህሊ ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ .....................17

2.1.4.1 ኣመራርፃ ክብርታት ማሕበረሰብ ሰነ-ፅሑፍ ከም መስተምህሪ ባህሊ ኣብ መፅሓፍ ትምህርቲ ቋንቋ....................................................23

2.1.4.2 ኣቀራርባ ክብርታት ማሕበረሰብ ኣብ ውሽጢ ሰነ-ፅሑፍ ከም መስተምህሪ ባህሊ ኣብ መፅሓፍ ትምህርቲ ቋንቋ ........ 25
2.2 ጳህሳስ ቅዱማት መፅናዕትታት ........ 26
ምዕራፍ ሰለስተ ........ 29
ሜላ ኣፀናንዓ ........ 29
3.1 ተፀናዕቲ ........ 29
3.2 ኣወሳስዳ መርኣያ ........ 29
3.3 ሜላታት ኣተኣኻኽባ መረዳእታ ........ 30
3.4 ሜላ ኣተገባብራ መፅናዕቲ ........ 30
3.5 ሜላ ኣተናትናን መረዳእታ ........ 30
ምዕራፍ ኣርባዕተ ........ 32
ኣቀራርባን ትንተናን መረዳእታ ........ 32
4.1 ኣመራርፃን ኣቀራርባን ክብርታት ትግራይ ........ 32
2. ጅግንነት፣ ዘይተምበርካኽነት፣ ተቓላሳይነት ዝምልክት ........ 33
4. ጋሻ ተቐባላይነት፣ ሰብ ኣክባራይነት፣ ናይ ስራሕ ባህሊ፣ፍትሓዊነት ዝምልክት ........ 38
5. ተኣማንነት፣ ጥንኩር ናይ ስራሕ ባህሊ፣ ፀገም ተፀዋራይነት ዝምልከት ........ 39
6. ተበላሓይነት፣ ትዕግስቲ፣ መስተውዐላይነት፣ ኣማታይነት ዝምልክት ........ 41
ምዕራፍ ሓሙሽተ ........ 45
መጠቓለልን ለበዋን ........ 45
5.1 መጠቓለሊ ........ 45
5.2 መደምደምታ ........ 48
5.2 ለበዋ ........ 49
ዉኩሳት ድርሳናት ........ 50

# ምስጋና

እዚ መፅናዕቲ እንተካይድ ሙያዊ ሓገዘን ክትትልን ንዘገበሩላይ ዋና ኣማኻርየ ዶክተር ጌታሁን መሰለ ኣዚየ ኣመስግን። ብተወሳኺ ተመሳሳሊን ደገፍን ክትትልን ንዝገበሩለይ ሓጋዚ ኣማኻርየ ኣይተ ኣታኽልቲ መኮነን እውን ኣዝየ ኣመስግን። ሞራላውን ገንዘባውን ድጋፍ ንዝገበረለይ ስድራይን መሳርሕተይን እውን ኣዚየ ኣመስግን።

# ምዕራፍ ሓደ

# መእተዊ

## 1.1 ድሕረ ባይታ መፅናዕቲ

ክብርታት ትግራይ ተጋሩ ካብ ካልኦት ማሕበረሰባት ዝፍለዩሉን ዝመሳሰሉሉን ጉዳያት ዘመለኽቱን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተወራረሱ ዝመፁን ፀጋታት እዮም። እዞም ክብርታት ገሊኦም ሕዚ እውን መግለፂ ባህርያት ማሕበረሰብ ትግራይ ኮይኖም እናቐፀሉ ዘለዉን ኣብ ምውሓስ መንነት ትግራይ ዓብይ ግደ እናተፃወቱ ዝርከቡን እዮም። እዞም ክብርታት ፍልፍል ዓወታትን ሓበን ተጋሩን ኮይኖም ይቕፅሉ ኣለዉ። ክብርታት ትግራይ ኣብ ስነ-ሑፍ ትግርኛ እናተገለፁ ይርከቡ። ብፍላይ ተጋሩ ካብ ወፅዓ ንምልቓቕን ወረርቲ ንምምካትን ኣብ ዘካይድዎም ቃልስታት ነቶም ክብርታት ኣብ ደርፍታትን ካልኦትን ይገልፅዎምን ከም መንቀሳቀሲ ሞተር እቲ ቃልሲ ይጥቀሙሎምን።

ገለ ክብርታት ትግራይ ድማ እናተረስዑ ከም ዘይንቡር እናተቆፀሩን ይኸዱ ኣለዉ። እዚ ንሕማቕ ሕብረተሰባዊ ለውጢ መበገሲ ዝኸውን ሕማቕ ኣጋጣሚ እዩ። ክብርታት ናይ ምቕፃል ዋኒን ናይ ኩሉ እኳ እንተኾነ ሓለፍቲ ፖሊሲ ትምህርትን ሰርዓት ትምህርት ትግራይ ዝለዓለ ግደ ኣለዎም።ስርዓተ ትምህርቲ ካብ ፍልስፍና ትምህርትን ዝብገስን ምስ ፖሊሲ ትምህርቲ ተኣሳሲሩ ዝዳሎን ኣንፈት ትምህርቲ ካበይ ናበይ ክኸይድ ከም ዘለዎ ዝሕብርን እዩ። ሓደ ማሕበረሰብ ናይ ባዕሉ ዝኾነ መበቆላዊ ፍልጠትን ፍልስፍና ትምህርትን ኣለዎ። ብዙሓት ምሁራን ድማ ስርዓተ ትምህርቲ ሓደ ማሕበረሰብ ካብ መበቆላዊ ፍልጠቱን ፍልስፍናኡ ዝብገስን ንክብርታቱ ዝዕቅቡን ክኸውን ከም ዝግባእ ይሕብሩ። ጌታሁን፣ 2017 ዓ.ም. ከምዝገለፆ ስርዓተ ትምህርትን ምምሃር ምስትምሃርን ትግራይ ከም ግብኡነቱን ምቹውነትን ነቶም ሃገራዊ ፍልስፍናታት ከም ገዛእቲ (ትእምርተ-ሰረታት) ወሲዶም ፉሉይነት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ግምት ብምእታው ተፃፊሮም ክቐርቡ ይግባእ።

ፍልስፍና ስርዓተ ትምህርቲ ድማ፤ ኣብ ፍልስፋና "ተተግባርነት" ዝምስረት ሓቋፉይን ኮይኑ ክህነፅ እዩ። ኣውራ ክልስ ሓሳብ ምህሮ ትግራይ ብግዲኡ "ምእማራውነት" ሰብእነታውነት ከከም ግብኡነቱን ምቹውነቱን ኣብ ግብሪ ክውዕል እዩ። ኣብ ክልስ ሓሳብ ምህሮ ሃናፃይነት ዝተመስረቱ መይላታት እውን፤ "እንኮነት ህለወ" እንተይ ተፃብኡ ኣብ ክልስ ሓሳብ ምህሮ ባህርያውነት ዝተመስረቱ መይላታት እውን" ኣእምሮ ህፃናት ፃዕዳ ወረቐት እዩ" ካብ ዝብል

መትከል ኣወጊዶም ኣብ መዓላ ክውዕሉ ይኽእሉ እዮም። ብተመሳሳሊ ገራሕቲ መትከላት ምምሃር ምስትምሃር ኣብ ተምሃራይ ተኮርነትን ሓበራውነትን ክምእዘኑ ተጠሊቡ።

ስርዓተ ትምህርቲ ሓፈሻዊ መምርሒ ትምህርቲ እንትኸውን ናይ ሓደ ሃገር ብሄራዊ፣ ፖለቲካዊን ቁጠባው ወዘተ. ኣመለኻኽታታት ውዕኢት ወይ መግለፂ እዩ። ብምኽኑ ስርዓተ ትምህርቲ ትሕዝቶ ትምህርትን ሜላታት ኣወሃህብኡን ዝገልፅ ሰነድ እዩ። እዚ ከምዚ እንደሃለወ ስርዓተ ትምህርቲ ኣብ ክብርታትን ፍልስፍናታት ማሕበረሰብ እንትምስረት ኣብ ምዕቃብ ክብርታትን ምስጓም መበቆላዊ ፍልጠት ዝለዓለ ተራ ይህልዎ።

ከም እኒ Richards (2004፣ 65) ኣገላልፃ መርሃ ትምህርቲ ተምሃራይ እንታይ ክምሃር ከምዘለዎ፣ ከመይ ክምሃር ይኽእል፣ ንምንታይ ዕላማ፣ ክምኡ እውን ክንደይ ዝኣክልን ብከመይ ክግምገም ከም ዘለዎን ዘነፅር ሰነድ እዩ። መርሃ ትምህርቲ ካብ ስርዓተ- ትምህርቲ ዝነቅልን ዝርዝር ጉዳያት ዘካትት እዩ። ክብርታትን ሓደ ማሕብረሰብ ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ቋንቋ ንምክታት ምቹዋት እዩም። እቶም ክብርታት ኣብቶም ፅሑፈት እንተስ ብዕላማ፣ እንተስ ብትሕዝቶ ወይ መልመድታት ምክታት ስለ ዝካኣል። ብፍላይ ስነ-ፅሑፋዊ ፅሑፋት ድማ ነዚ ንምግባር ምቹዋት እዮም።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ክብርታት ትግራይ እናተረስዑን ተተግባርነቶም እነቐነሰን ይኸይድ ከም ዘሎ ብዙሓት መፅናዕትታት ይሕብሩ። ኣብነት ዳንኤል 2016 ዓ.ም. ግብሪ ደም ኣብ ዝብል መፅሓፉ ከም ዝገለፆ እዞም ክብርታት እናተሓደጉ እንትኸዱ ረብሓታቶም ይሳኣኑ። ብፍላይ ኣብ ምኽፃልን ምምዕባልን መበቆላዊ ፍልጠት ከም እውን ኣብ ምዕቃብ መንነታዊ ክብርታት ዘይትካእ ግደ ኣለዎም።

ኣብ ትግራይ ኣብ እውን ናይ ተጋሩ መበቆላዊ ፍልጠት ንምምዕባልን ኣብ ካሊእ ማሕበረሰብ ዘይርከቡ ናይ ህዝቢ ትግራይ ፍሉይነት መለለይ ዝኾኑ ክብርታት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እንተይ ተሸራረፉ ክሰጋገሩን ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ክካተቱ ይግባእ። ክብርታት ትግራይ ድሕሪ ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ምክታቶም ኣብ መምሃሪ መፅሓፍቲ ብስርዓት ተቐሪዖም ተምሃሮ ክርድኡዎም ምግባር ይድሊ። እዚ መፅናዕቲ እውን ክብርታት ትግራይ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ከም ዝቐረበ ንምትንታን ዝካየድ እዩ

## 1.2 ሓተታ መፅናዕቲ

ስነ ፅሑፍ ክብርታት ሓደ ማሕበረሰብ ኣብ ምግላፅን ኣብ ምዕቃብን ናይ ባዕሉ ግደ ኣለዎ። ግጥምታት፤ ክብርታት ሓደ ማሕበረሰብ መሰረት ገይሮም እንትፅሓፉ ነቲ ማሕበረሰብ ኣብ ምድናቕን ኣብ ምምጓስን ኣበርክቶ ይገብሩ። ካብዚ ብላዕሊ ብዜማታት እናተሓገዙ ከም መዘናግዕን ከም መለዓዓሊ ህዝብን ኮይኖም የገልግሉ። ተዋስኦታትን ልበ ወለዳትን እውን ብተመሳሳሊ ክብርታት ማሕበረሰብ ኣብ ምግላፅ ግደ ዘለዎም ስነ ፅሑፋት እዮም። ስለ ዝኾነ ስነ ፅሑፍ ንምስትምሃር ቋንቋ እንትቐርብ እውን እቶም ክብርታት ሓደ ማሕበረሰብ ኣብቲ ስነ ፅሑፍ ምቕራቦምን ምግላፆምን ኣይተርፍን። ብምኳኑ ድማ እዞም ክብርታት ኣብቶም ቋንቋ ንምስትምሃር ዝቐረቡ ስነ ፅሑፋት እውን ዝቐርቡ እዮም።

ቋንቋ ንምስትምሃር ኣብ ዝቐረቡ ፅሑፋት ንክብርታት ማሕበረሰብ ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ይግባእ። ክብርታት ሓደ ማሕበረሰብ ኣብ ምዕቃብ መበቆላዊ ፍልጠት ሓደ ማሕበረሰብን ኣብ ምቕፃል ፍሉይ ፀጋታት እቲ ማሕበረሰብን ዘይትካእ ግደ ኣለዎም። ሕዚ ኣብ ዝተፈላለዩ መድርኻት ዝቐርቡ መፅናዕትታት ከም ዝሕብርዎ ክብርታት ትግራይ እናተረስዑ፣ እናተሸራረፉ ከም እውን ብካልኦት ጠቐምቲ ዘይኮኑ ባህልታት እናተለወጡ ይኸዱ ኣለዉ። እዞም ዓንዲ ህላወ መንነትና ወሓስ ሃላዋትናን ዝኾኑ ክብርታትና እቲ መንእሰይ ወለዶ ክፈልጠም፣ ክቕፅሎምን ከማዕብሎምን ይግባእ፤ እዚ ንምትግባር ድማ እቶም ክብርታት ኣብ መፅሓፍቲ ተምሃሮ ክካተቱን ተምሃሮ ክፈልጥዎምን ይግባእ።

ትኹረት እዚ መፅናዕቲ እውን ንክብርታትና ከም ኣገደስቲ ዛዕባታት ብምርኣይ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ከመይ ከም ዝተኻተቱ ምፍታሽ እዩ። ዋና ትኹረት እዚ መፅናዕቲ ኣብቶም ስነ ፅሑፍ ቋንቋ ንምስትምሃር ዝቐረቡ ስነ ፅሑፍት ክብርታት ትግራይ እንታይ እንታይ እዮም? ከመይ ተገሊፆም? ኣቀራርብኦም እንታይ ይመስል? ዝብሉ ዛዕባታት ምፍታሽ እዩ።

## 1.3 ዕላማ መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ እዞም ዝስዕቡ ሓፈሻውን ዝርዝርን ዕላማታት ኣለዉዎ።

### 1.3.1 ሓፈሻዊ ዕላማ

ሓፈሻዊ ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግረኛ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ኣብ ስነ ፅሑፋዊ ፅሑፋት ዘለዉ ክብርታት ትግራይ ከም መስተምህሪ ባህሊ ተጋሩ ንምጥቃም ዝተገበረ ኣመራረፃን ኣቀራርባን እንታይ ከም ዝመሰል ምፍታሽ እዩ።

### 1.3.2 ዝርዝር ዕላማታት

ዝርዝር ዕላማታት እዚ መፅናዕቲ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግረኛ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ዝርከቡ ስነ ፅሑፋዊ ፅሑፋት ዘለዉ ክብርታት ትግራይ ምፍታሽ፤
2. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግረኛ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ዝርከቡ ስነ ፅሑፋዊ ፅሑፋት ዘለዉ ክብርታት ትግራይ ኣቀራርብኦም ምድህሳስ፤
3. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግረኛ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ዝርከቡ ስነ ፅሑፋዊ ፅሑፋት ዘለዉ ክብርታት ትግራይ ረብሓታቶም ምግምጋም እዮም።

## 1.4 ረብሓ መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ እዞም ዝስዕቡ ረብሓታት ኣለዉዎ ተባሂሉ ይእመን።

ንመዳለውቲ መፅሓፍቲ ክብርታት ትግራይ ኣብ ግምት ዘእተወ መፅሓፍ ከዳልዉ ይሕግዞም።እቶም ክብርታት ብግቡእ ከካትትዎምን ክገልፅዎምን ይሕግዞም። ተምሃሮ እውን ኣብ ምቕፃል እዞም ክብርታት ዘኽእልዎም ግንዛበታት ዓቕምታትን ይረኽቡ። ክብርታት ትግራይ ከይርስዑ ንምዕቃብ ከም ሓደ ሓጋዚ ሰነድ ኮይኑ ከገልግል ይኽእል። ቋንቋ ንምስትምሃር ዝምረፁ ስነ-ፅሑፋት ንክብርታት ትግራይ ዝጠመሩ ክኾኑ ከም ዝግባእ ከም መረድኢ ወይ ሓጋዚ ፅሑፍ ኮይኑ ከገልግል ይኽእል። ዕቡቕ ስብእና ተጋሩ ንምዕቃብ ይጠቅም። ኣብ ምክታት ሃገር በቆል ፍልጠታት እውን ከም ሓጋዚ ኮይኑ ዘገልግል እዩ። ካብዚ ንላዕሊ መፅናዕቲ ንዝገብሩ ሰባት ከም መልዓሊን ፍልፍልን ኮይኑ የገልግል።

## 1.5 ደረት መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ ዝድህስሶ ትሕዝቶ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ኣብ ዝቐረቡ ስነ-ፅሕፋዊ ስራሕቲ ክብርታት ትግራይ ንምስትምሃር ባህሊ ከመይ ከም ዝተቐረፁን ከመይ ከም ዝተገለፁን ዝፍትሽ እዩ። እቶም ዝፍተሹ ዛዕባታት ድማ እቶም ዝቐረቡ ክብርታት እንታይ እንታይ እዮም፣ ኣበየናይ ዓይነት ስነ-ፅሑፍን ኣብ ኣየናይ ገፅ እቲ መፅሓፍ ቀሪቦም። ኣብ ዝንበቡ ፅሑፋት ዝቐረቡ እንታይ ይመስሉ፣ ኣብ ተምሃሮ ዝሰርሕዎም ዕዮታት፣ ካልኦት ዝፍትሽ እዩ። እንታይ እንታይ ክብርታት ክብርታት ተኻቲቶም ዝብሉ ነገራት ይፍትሽ።

ክብርታት ትግራይ ብዙሓት እዃ እንተኾኑ መሃዛይነት፣ ተበጃውነት፣ ሓቛፋይነት፣ ፅዋርነት፣ ኣጋያሻይነት፣ ተበላሓታይነት፣ ኣማናይነት፣ ፃዓራይነት፣ ኣብ ነፅነት ዝኣምን፣ ማዕርነት፣ ፍትሓውነት፣ ኣፍቃራይነት፣ ኣሳናይነት፣ ዘይተምበርካኽነት፣ ኣኽባራይነት፣ ዝመሳሰሉ ክብርታት ምክታቶምን ዘይምክታቶምን ከም እውን ኣመራርፅኦምን ኣቀራርፆኦምን ትኹረት ዝገበረ ትንተና ክካይድ እዩ።

# ምዕራፍ ክልተ

# ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሓሳባትን ቅዱማት መፅናዕትታትን

## 2.1 ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሓሳባት

### 2.1.1 እንታይነት ማሕበራዊ ክብርታት

ማሕበራዊ ክብርታት ብዝተፈላለዩ ምሁራን ዝተፈላለዩ ብያነታት ተወሂቡዎም። ባህሩ (2004) "ክብሪ ኣብ ሓደ ማሕበረሰብ ሉዑል ባህላዊ፣ ማሕበራውን ልቦናውን ተቐባልነትን ቦታን ዘለዎ ኮይኑ ብዋጋ ብገንዘብ ክትመን ዘይኽእል ናይቲ ሕብረተሰብ ውሽጣውን ደጋውን ስምዒታት ዝንፀባረቐሉ መንገዲ፣ ተግባር፣ ሓሳብን ፋይዳን እዩ።" ብምባል ይገልፆ። (secupin and dicorse 2005) ድማ ክብርታት፦ኣባላት ማሕበረሰብ ፅቡቕ ወይ ሕማቕ፣ ቁዱስ ወይ ሰይጣናዊ፣ ምልኩዕን፣ መልክዕ ኣልቦን ብምባል ዝንፅሩሎም መስፈርታት መለክዕታት እዮም። ይብሉ። ክብርታት፦ ኣብ ሕብረተሰብ ብሰፊሑ ቅብሉነት ዘለዎም፤ ኣብ ሓደ ማሕበረሰብ ኣብ መንፈሳዊ ባህሊ ፅልዋታት ክሕድሩ ዝኽእሉ እዮም።

ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ... ባህላዊ፣ ማሕበራውን ልበናውን ተቐባልነትን ዝብል ኣገላልፃ ዝድገፍ እዩ። ማሕረሰባዊ ክብርታት ብባህሊ እቲ ማሕበረሰብ ተቐበልነት ዘለዎም ከም ጠቐምቲ ነገራት ጥራይ ዘይኮኑስ ከም ግድን ክውሰዱ ዘለዎም ባህርታት ነቶም ባህርታት ስዒቦም ዝመፁ ተግባራት ተገይሮም ዝውሰዱ እዮም። እዞም ባህርታት እምነታት በቲ ማሕበረሰብ እውን ተቐባልነት ዘለዎም እዮም። ካብዚ ሓሊፉ ልቦናዊ ተቐባልነት እንትብሃል ኣብ ሓደ ማሕበረሰብ ዘሎ ህዝቢ ብሕሊንኡ ዝኣምነሎም ባህርታት እውን ዝሓውስ እዩ። ሓደ ሰብ ግበር ኣይትግበር እመን ኣይትእመን ዝብሎ ሓይሊ ወይ መገደዲ ኣካል ዋላ ኣይሃሉ ብሕልንኡ ንዝኣምነሎም ባህርያት ይኽተልን ይትግብርን እዚኣቶም ኣብ ሕድ ሕድ ውልቀ ሰብ እቲ ማሕበረሰብ ዘለዉ ስለዝኾኑ ከም ማሕበራዊ ክብርታት ዝውሰዱ እዮም፤ በዚ ደማ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ሓሳብ ተቐባልነት ኣለዎ።

ብተወሳኺ ዳንኤል (2016፣ 19) ማሕበራዊ ክብርታት ብጥቕልሉ ጉጅለ ሰባት ወይ ማሕበረሰብ ኣካይዶኦምን ምሕደረኦምን ኣንፈት ንምትሓዝ ክብሉ ዘርዕምዎም ወይ ዝተኸተልዎም መትከላት ህይወት እዮም። ማሕበራዊ ክብርታት፦ ብሓበራዊ ስምምዕ ሕገ መንግስቲ፣ ሕግታት፣ ፖሊስታትን ባህልን ኣንፈት የትሕዙ። ከምቲ ዝፍለጥ መትከል (principle) ኣብ ዕዮ፣ ዕማም ወይ ትግባረ ሓደ ነገር ፅልዋ ዝፈጥር ወይ ክህልዎ ትፅቢት

ዝግበር መሰረታዊ እምነት፣ ኣታሓሳስባ፣ ክልስ ሓሳብ፣ ሕጊ ወይ መስርሕ እዩ። (macimillan 2005)[17] ነገራት ብመንፅር ሞራል ቅንዕን ግጉይን እንብለሉ ወይ እውን ሰባትን ግብሮምን እንመዝነሉን እንሰፍረሉን ኣብ ልቦናና ዝተሓተመ መንፅር ወይ ኣጠማምታ እዩ።

ኣብ ላዕሊ ብዳንኤል ዝቐረበ ሓሳብ ንማሕበራዊ ክእለታት ከም መትከላት ወይ ሰረተ ሓሳባት ህይወት ሓደ ማሕበረሰብ ዝርኢ እዩ። ሓደ ማሕበረሰብ ንማሕበራዊ ክብርታቱ ተገዛኢ እዩ። እቶም ማሕበራዊ ክብርታቱ ከም ገዛእቲ ነጥቢታት፣ ቅቡላት እምነታት ወይ ኣካይዳታት ብምውሳድ ዝግልገለሎም ነጥብታት እዮም። ስለ ዝኾነ ማሕበራዊ ክብርታት መትከላት ህይወት ሓደ ማሕበረሰብ እዮም ዝብል ሐሳብ ተቐባልነት ዘለዎ ይመስል። ሰባት ካብ ማሕበራዊ ክብርታት ተበጊሶም ነቶም ክብርታት ኣማሓይሾምን ሕግታት፣ ሕገ-መንግስቲ፣ ፖሊስታትን ይሃንፁ። እዚ ሓሳብ እውን ዘካትዕ ኣይመስልን ምኽንያቱ ማሕበራዊ ክብርታት ቅድሚ ሕገ - መንግስታትን ካልኦት ሕግታትን ዝነበሩ ስለ ዝኾኑ።

ሕገ-መንግስታትን ካልኦት ሃገራት ዝምርሓሉ ሕግን ኣብ ቀረባ እዋን ዝማዕበሉ እዮም። ቅድሚ እዙይ ሰባት ከም ሓደ መተሓዳደርን መቐፀሊ ህይወትን ማሕበራዊ ክብርታት ኣብ ተግባር ይውዕሉ ነይሮም ኢልና ክንዛርብ ኣንፈት ዝህበና እዩ። ሰባትን ግብሮምን እንመዝነሉን እንሰፍረሉን ኣብ ልቦናና ዝተሓተመ መንፅር ወይ ኣጠማምታ ዝብል ኣገላልፃ እንትርኢ እውን ተቐባልነት ዘለዎ እዩ። ማሕበራዊ ክብርታት ሰባት ከም ሰባት ብሓባር ክፍፅምዎም ዝግቡዎም ነገራት፣ እምነታት ብካሊእ ወገን ክቕበልዎም ዘይግበኡ እምነታት ባህርታት ተግባራት ተፈልዮም ዝቕመጥሉን ከም መተሓዳደርቲ ወይ ገዛእቲ ንጥብታት ዝውሰዱን እዮም። ስለዝኾነ እቲ ዝቐረበ ኣገላልፃ ተቐባልነት ዘለዎ እዩ።

ማሕበራዊ ክብርታት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተወራረሱ ገሊኦም እናማዕበሉ ኣብ ከይዲ እናተለወጡን ዝመፁ ኮይኖም እቲ ማሕበረሰብ ከም ወሰንቲ መንገድታትን ገዛእቲ መትካላት ወሲዱ ዝግዘኦሎም ባህርታት፣ ኣታሓሳስባታት፣ ኣመለኻኽታት እምነታትን ከምኡ እውን ካብዞም እምነታትን ኣጠማምታታን ዝብገሱ ተግባራት እዮም።

ማሕበራዊ ክብርታት ምስ ሃገር በቆል ፍልጠታት እውን ዝተኣሳሰሩ እዮም። ተክለ ሃይማኖት (2007፣ 44) ከም ዝገለፆ ካብ ስሩዕን ብፅሑፍ ካብ ዝርከብን ትምህቲ ወፃኢ ዝኾነ ብቃልን ብትግበራን ዝመሓላለፍ ፍልጠት እዩ። እዚ ፍልጠት ኣብ ሓደ ክልል ወይ ወሰን ዝነብሩ ማሕበረሰባት ምስ ተፈጥሮ፣ ነንባዕልኻ ኣብ ዝግበር ርክብ ዝምዕብሉ ግንዘባታትን ከም ሓድጊ

ኮይኖም ዝመሓላለፉን ሓደ ማሕበረሰብ ካብቲ ካሊእ ማሕበረሰብ ዝፍለዩሉ ፍልጠታት እዮም።

ሃገር በቆል ፍልጠት ካብ ዓለም ለኻዊ ፍልጠት ይፍለ እዩ። ናይ ሓደ ከባቢ ፍልጠት ብናይ ካሊእ ከባቢ ፍልጠት ከይፍለጥ ይኽእል ተቐባልነት እውን ከይረክብ ይኽእል እዩ። ሃገር በቆል ፍልጠት ኣብ ገጠር ዝነብር ማሕበረሰብ ናይ ኣተሓራርሳ፣ ምክልኻል ሕማማት፣ ኣደላልዋ ምግቢ፣ ናይ ተፈጥሮን ትምህርትን ሃፍቲ ምሕደራ፣ ውስነ ከማሓላልፍ ዝኽእል ካብ ትውልዲ ናብ ትውልዲ ብቃል ዝመሓላለፍ ፍልጠት እዩ። በቲ ማሕበረሰብ ዝሕሎ ናይ ሓባር ሃፍቲ ኮይኑ ብኣፈታሪክ፣ መዝሙር፣ ትውፊት፣ ባህላዊ ክብርታት፣ እምነታትን ማሕበረሰባዊ ሕግታትን ድምር ውፅኢት እዩ።

## 2.1.2 ባህርታትን ረብሓታትን ማሕበራዊ ክብርታት

ማሕበራዊ ክብርታት ከከም ማሕበረሰቡ ዝተፈላለየን በዝሕን ባህርያት ክህልዎም ግድን እዩ። ዳንኤል (2016፣ 26-27) ምስ social value ምስ ካልኦት ኣብ ተለዋዋጥነት፣ ተጉራራስነት፣ ዞላውነት፣ ዘገምታውነት፣ ተወራራሳይነት፣ ይዝርዝር። ማሕባራዊ ክብርታት ልክዕ ከም ባህርታት ቋንቋ ክውለዱ፣ ክዓብዩ፣ ክለዋወጡ፣ ክጠፍኡ፣ ዝኽእሉ እዮም። ማሕበረዊ ክብርታት ከም ካልኦት ባህርታት ብፖለቲካዊ ለውጥታትን ብምዕባለ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ተፀለውቲ እዮም። ሓፈሻዊ ባህርያት ክብርታት ብዙሓት እኳ እንተኾኑ ኣብዚ መፅናዕቲ እዞም ዝስዕቡ ብዋናነት ይጥቀሱ።

**ሀ.ተለዋዋጥነት**

ማሕበራዊ ክብርታት ተወረስቲ እዮም። እዞም ክብርታት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እንትሰጋገሩ ገሊኦም ከም ዘለዉዎ ይመሓላለፉ። ገሊኦም ውሱን ለውጥታት ተገይሮሎም ይመሓላለፉ። ዘተኣተተውዎም ሓደሽቲ ክብርታት እውን ክህልዉ ይኽእሉ። እዚ ለውጢ ካብ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ይብገስ። ምስ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ተኣሳሲሩ ባዕሉ እቲ ማሕበረሰብ ዝልውጦም ነገራት ኣሎ። ብኣብዝሓ ድማ ብሰንኪ ወራር ናይ ወፃኢ ሓይሊ ዝፍጠር እዩ። እዚ ኮን ተባሂሉ በቲ ዋራሪ ሓይሊ ዕንወት እንተብፅሖም እንተሎ ኮይኑ እቲ ካሊእ ድማ እቲ ኩነታት ዝፈጥሮ እዩ። ብፍላይ ሓደ ብሄር ሓድነቱ እንትልሕልሕ ክብርታቱ ይጠፍኡን ይሸርሸሩን እዮም። ዳንኤል (2016፣ 26)።

**ለ. ተኀራራሳይነት**

ማሕበራዊ ክብርታት ብኣብዝሓ ነንውልቆም ጠጠው ኣይብሉን ሓደ ክብሪ ኣብ ውሽጢ እቲ ካሊእ ክብሪ ክሕቆፍሉ ዝኽእሉሉ ኣጋጣሚ ብጣዓሚ ሰፊሕ እዩ። ንኣብነት ወተሃደራዊ ስርሒታት ህዝቢ ትግራይ ምስ ፅንዓት፣ ህዝባውነት፣ ሓድነትን መትከላውነት ዝብሃሉ ክብርታት ተኣሳሲሮም ዝመፁ እዮም።

**ሐ. ሰብኣውነት**

ክብርታት ናይ ሰባት ባህሪ እዮም። ጥልቀትን በዝሕን ይፈላለዩ እምበር ናይ ኩሎም ህዝብታት እዮም።

**መ. ዘገምታውነት**

ከም ኣገላልፃ ዳንኤል (2016፣ 28) ማሕበራዊ ክብርታት ከም ቅንጥሻራ ኣብ ሓደ ለይቲ ኣይበቑሉን። ኣብ ነዊሕ ግዘ ዝፍጠሩን ዝምዕብሉን ዘገምታዊ evolutionary) እዮም። ከምኡ እውን ዋጋው (2001፣30) ከም ዝብሎ ምንጪ ማሕበራዊ ክብርታት ብዙሓት ክኾኑ ይኽእሉ። እቶም ቀንዲ ምንጭታት ድማ ስድራ ቤትን ስድራ ቤት ማሕበረሰብን ገይርካ ምውሳድ ይካኣል። ዝውለዱ ህፃናት መሰረታውያን ድሌታት ቤተሰባዊ ፍቕሪን ክብሪን ካብ ምሃብ ብተወሳኺ ዝተማልአ ህንፀት ልቦና ሒዞም ክዓብዩ ኣብ ምግባር ዝዓበየ ብፅሒት ይወስዱ። ቤተሰብ ፈላሚ ቤት ትምህርቲ ህፃን ብምዃን የገልግል። ሕማቕን ፅቡቕን ፈልዮም ክዓብዩ ይገብር። ኣብ ቀፃሊ ህይወቶም ኣገደስቲ ዝኾኑ መሰረታውያን ፍልጠታትን ሙያን ካብ ወለዶም ይመሃሩ። ምስዚ ተኣዛዚኡ ክብርታት ማሕበረሰብ እውን ይቐስሙ።

## 2.1.2.1 ማሕበራዊ ክብርታት ትግራይ

ካብቶም ብዙሓት ክብርታት ማሕበረሰብ ክብርታት ትግራይ ተባሂሎም ዝፍለጡ ካብቶም ብዙሓት ኣብ ስርዓት ትምህርቲ ትግራይ ክካተቱ ኣለዎም ተባሂሎም ዝቐረቡ እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም። መሃዛይነት፣ ተበጃውነት፣ ሓቛፉይነት፣ ፅዋርነት፣ ኣጋያሻይነት፣ ተበላሓታይነት፣ ኣማናይነት፣ ፃዓራይነት፣ ኣብ ነፅነት ዝኣምን፣ ማፅርነት፣ ፍትሓውነት፣ ኣፍቃራይነት፣ ኣሳናይነት፣ ዘይተምበርካኽነት፣ ኣኽባራይነት፣ ይጥቀሱ።

ከም ኣገላልፃ ዳንኤል (2016፣ 32) ክብርታት ትግራይ እዞም ዝስዕቡ እዮም። ኒሕን ሓቦን፣ ፍልስፍናን ምኽንያታውነትን፣ ሓርበኛነትን ጅግንነትን፣ ተወፋይነትን ተበጃውነትን፣ ቤተሰባውነት፣ ሓድነትን ሓቛፍነትን ተቐባልነትን ጋሻ፣ ፅዋርነትን ሰዓራነትን፣ ፍትሓውነትን ርትዓውነትን፣ ልፍንታውነትን ሓድነትን፣ ዓርሰ ምርኮሳን ዓርሰ እምነትን፣ ሕድገት፣ መሃዛይነትን ወናንነትን ይጥቀሱ። እዞም ክብርታት ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ

ኣብ ምድላው መምሃሪ መፅሓፍቲ ክዳለዉ ኣለዎም ካብ ዝበሎም ክብርታት ትግራይ ነቶም ኣብ ላዕሊ ብዳንኤል ዝተጠቐሱ ዘጠቓልሉ እዮም። እዞም ዳንኤል ክብርታት ትግራይ ኢሉ ዝገለፆም ዝተፈላለዩ ምሁራን ክመያየጥሎም ዝግባእን ናይ እማን ክብርታት ትግራይ ምዃኖም ክረጋገፁን ይግባእ። እዚ እቲ ማሕበረሰብ ናቱ ምዃኑ ኣሚኑ ክቕበሎምን ክዕቅቦምን ይግባእ።

ባህርታት ማሕበራዊ ክብርታት ምስ ክብርታት ሃገር በቆል ፍልጠት ዘመሳስልዎም ብዙሓት ባህርታት ኣለዉዎም። ባህርታት ሃገር በቆል ፍልጠት ብምባል ተክለሃይማኖት 2007 ዓ.ም.፣ 49 ንኦሲ 2010 ጠቒሱ እዞም ዝስዕቡ ይዝርዝር።

- ኣብ ዝተፈጠረሉ ማሕበረሰብ ዝበቆለ፣ ሱር ዝሰደደ፣ ብስፍሓት ዝፍለጥን ዝትግበርን እዩ።
- ማህበረሰብ ብጥቕላሉ ዝርድኦን ተዘርዚሮምን ተቆፂሮምን ዝተቐመጡ ኣይኮኑን።
- ብክልስ ሓሳብ ዘለዉ ዘይኮኑስ ብልምምድ ዝርከቡ፣ ብናይ ህይወት ፈተነን እርማትን ዝመፁ እዮም።
- ሃገር በቆል ፍልጠት ንምርዳእ ዋና መሳርሒ ምስራሕን ምዝራብን እዩ።
- ብባህልን ብቦታን ዝተሓፀሩ እዮም። ውሳነታት ንምምሕላፍን ናይ ናብራ መልክዕ ንምምሕያሽ መሰረት ኮይኑ የገልግል። ብዛዕባ ህይወት ሰባትን እንስሳትን ብዛዕባ ተፈጥሮኣዊ ሃፍን ክንክንን ሓለዋን ጠጠው ዝበለ ምዃኖም ዝብሉን እዮም።

እዘም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ባህርታት ሃገር በቆል ፍልጠታት ንማሕበራዊ ክብርታት መሰረት እዮም። ማሕበራዊ ክብርታት እውን ሓደ ማሕበረሰብ ካብ ሃገር በቆል ፍልጠታት መሰረት ገይሩ ዘዕበዮም፣ ደሚቑ ዝፍለጠሎምን ከም ዘኹርዕን መለለዩኡን እዮም። ሎሚ ናይ ሓደ ማሕበረሰብ ክብርታት እናተፀሓፉን እናተፀንዑን ይኸዱ ኣለዉ እምበር ቅድም ኢሎም ብቃል እናተዘርቡን ብተግበር እናተፈፀሙን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፉ ዝመፁ እዮም።

ማሕበራዊ ክብርታት ካብ ሃገር በቆል ፍልጠታት ዝፈልዮም ምኽንያት እንተሃለወ እቶም ሃገር በቆል ፍልጠታት ኩለ መዳያዊ ፍልጠታት ኮይኖም ኣብ ኩሉ ዛዕባታት ዘድሃቡ ምኳኖም እዩ። ብዝተፈላለዩ ስነ ቃላት እናተገለፁ ዝመፁን ብተግባር ዝፍተኑን ፍልጠታት እዮም። ማሕበራዊ ክብርታት ነዞም ፍልጠታት መሰረት ገይሮም ማሕበረሰባት ናብ ክእለታት ናይ ምትግባር ዓቕምታት ዘዕበዩዎም እዮም። ስለዚ ማሕበራዊ ክብርታት ካብ ፍልጠት ዝዓበዩ ናይ ምፍፃም ዓቕምታትን ባህልታትን እዮም። ንኣብነት ሰዓራይነት፣ ተፃዋራይነት፣ ተበጃውነት ዝብሉ

ክብርታት ክእለታት ወይ ዓቕቕምታት እዮም። ምናልባሽ ሰባት ሃገር በቆል ፍልጠታት ተጠቒሞም ዘማዕበልዎም ክእለታት ክኾኑ ይኽእሉ።

ማሕበራዊ ክብርታት ብዙሓት ረብሓታት ኣለዊዎም። እቲ ማሕበረሰብ ከም መፍትሒ ፀገም ይጥቀመሉ ንበል ማሕበረሰብ ትግራይ ብሓይልታት ትምክሕቲ በደል ጭቆና፣ ዕብለላ፣ ይበፅሖ። ናይ ተቓላሳይነት፣ ፀዋራትነትን ሰዓራይነትን ክብርታቱ ተጠቒሙ ፀላእቲ ይስዕር። በዚ ድማ መንነቱ ይሕሉው። ትግራዋነት ዝብሃል መንነት እውን በዚ ናይ ትግራዋይ ክብርታት ተሓልዩ ዝመፀ ይመስል። እዚ ንምርዳእ ታሪኽ ትግራይ ምንባብ እኹል እዩ።

ሓደ ማሕበረሰብ ክብርታቱ ሓደ ፀገም ጥራሕ ኣይኮነን ዝፈትሐሉ። ዝተፈላለዩ ቁጠባዊ ፀገማት እንተጋጥምዎ፣ ማሕበራውን ፖለቲካውን ፀገማት እንተጋጥምዎ፣ ወራራት እንተጋጥምዎ ስድት ወይ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት እንተጋጥምዎ ይጥቀመሎም። ማሕበራዊ ክብርታት ባህልን ከባብን እቲ ማሕበረሰብ የፋልጡ፣ ጅግንነት የውርሱ፤ መንነት የውሕሱ፣ ከም መጥመሪ ገመድ ኮይኖም ሓድነት እቲ ማሕበረሰብ የሕይሉ። ኣብ ህንፀት ስምዒት ብሄርተኝነትን ሃገራውነት ዓብይ ግደ ይፃወቱ።

ብተመሳሳሊ ሃገር በቆል ፍልጠት እውን ፀገም መፍትሒ ይጥቀመሎም። ተክለሃይማኖት 2007፣ 14 ዓ.ም. ከም ዝበሎ ሃገር በቆል ፍልጠት ኣብ ተጋሩ ከም መፍትሒ ፀገም የገልግል። ብደረጃ ውልቀ ሰብ ኮነ ብደረጃ ማሕበረሰብ ኣብ ቁጠባዊ ዕቤት እቲ ማሕበረሰብ፣ ሓለዋ ባህሊ፣ ፖለቲካዊ ቅዋም ለውጢ ኣብ ምምፃእ ዓብይ ግደ ይፃወቱ።ንኣብነት ኣብ ሕርሻ፣ ኣብ ፃህያይ፣ ኣብ አዝመራ፣ ኣብ ስብሰባ፣ ወይ ኣብ ካሊእ ዓይነት ስራሕ ብውልቀን ብጉጅለን ተሳትፎ ብምግባር ብደርፍታት፣ ብምስላታት፣ የመጉስ ወይ ይወቅስ፣ ኣብ ስርዓተ መውሶ እቲ ወዲ ስራሕ ዘይፈቱ እንተኮይኑ ንሰበይቲ ዶ ሰበይቲ ትምርዐዋ እያ ብምባል ብጠየቕቲ ወለዲ ሞራል ብዝነክእ ንሽማግለታት ዓዲ ይነግርዎም እዚ እቲ ማሕበረሰብ ናይ ስራሕ ባህሊ ዘኽብር ምኳኑ ዘረድእ እዩ። ዝኾነ ኮይኑ ተጋሩ ናይ ባዕሎም ሃገር በቆል ፍልጠታት ኣለዊዎም። ከም መፍትሒ ፀገምን መማዕበሊ ክብርታቶምን ድማ ይጥቀሙሎም። ሃገር በቆል ፍልጠት ናይ ማሕበረሰብ ከባቢ የፋልጡ፣ ማሕበራዊን ስነ ምግባራውን ትምህርታት የመሓላልፉ፣ ጅግንነት የውርሱ።

ብሓፈሻ ማሕበራዊ ክብርታትን ሃገር በቆል ፍልጠታት ተመሳሳሊ ረብሓን ግልጋሎትን ኣለዎም። ኩሎም እቲ ማሕበረሰብ ከም መፍትሒ ፀገም ይጥቀመሎም፣ ንምውሓስ

ሓድነት ህዝብታት ይረብሑ፣ ከም መውረሲ ብሉፃት ክብርታት ከም ጅግንነትን መሃዛይነትን ዝበሉ ዓቕምታት ይዕቅቡን የማዕቡሉን። ከም ሰነድ ታሪኽ ኮይኖም የገልግሉ። ንመፈለጢ ባህልታት ከባብታት እቲ ማሕበረሰብ የገልግሉ ንህንፀት ሃገራውነት ብሂርተኝነት ጥራሕ ዘይኮነስ ንምርግጋፅ ብሂራዊ ረብሓታት እውን ዘይናዓቕ ረብሓ ኣለዎም።

## 2.1.3 ስነ-ፅሑፍ ከም ማህደር ክብርታት ማሕበረሰብ

ስነ-ፅሑፍ ዝተፈላለዩ ብያነታት እናተዋህቦ ዝመፀን ሕዚ እውን ዝተፈላለዩ ብያነታት ዝዋሃቦ ዘሎን ዘፈር ኪነ-ጥበብ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ንኹሎም ምሁራን ብማዕረ ከስማዕምዕ ዝኽእል ብያነ ዝተረኽበሉ ኣይመስልን። ናይዚ ምኽንያት ድማ ስነ-ፅሑፍ ካብ ዘለዎ ባህርን በብዘመኑ ዝለዋወጥ ኣብቲ ዓውዲ ናይ ዝተዋፈሩ ግንዛበ ምሁራንን ከምዝኾነ ይእመን። ኣብዚ መፅናዕቲ ስነ-ፅሑፍ ምዕቡልን ሰሓባይን ዝኾነ ኣጠቓቕማታት ቋንቋ ሓይሉ ንዝረአየሎም ፅሑፋትን ኣገላልፃታትን ክውክል ተሓሲቡ ቀሪቡ ኣሎ። በዚ ድማ ስነ-ፅሑፍ ንልበ-ወለዳት፣ ግጥምታት፣ ፅባቐ ዘለዎም፣ ትረኻታት፣ ስነ-ቃላትን ዝመሳሰሉን ዘጠቓልል ኮይኑ ቀሪቡ ኣሎ።

ስነ-ፅሑፋ ከም ማህደር ክብርታት ማሕበረሰብ ኮይኑ እዩ ዘገልግል። ክብርታት ማሕበረሰብ ኣበይ ይሰፍሩ፣ ኣበይ ይዕቀቡ ኢልና እንትንሓትት መልሲ ዝኸውን ሓደ ስነ ፅሑፍ ዝብል እዩ። ናይ ሓደ ማሕበረስ ክብርታት ዝኾኑ ከም ጋሻ ተቐባልነት፣ ተበላሓታይነት፣ ፀዋርነት፣ ሰዓራይነት፣ ተበጃውነት ወዘተ. ኣብ ስነ-ፅሑፉ ንረኽቦ። ጥንታዊ እንተኾይኑ ኣብ ስነ ቃላቱ ድሒሩ ዝመፀ እንተኾይኑ ድማ ኣብ ልበ ወለዳቱ፣ ግጥምታት ናይ ተዋስኦ ስራሕቱን ንረኽቦ። ፍልስፍና ካብ ማሕበራዊ ክብርታት ትግራይ ሓደ ምዃኑ ዳንኤል (2016፣37) ይገልፅ። ንመርትያታቱ ድማ ንሃፍተ (2012፣ 45) ኣስራት 2015፣) ብምውካስ ዝተፈላለዩ መፅሓፍቲ ይጠቅስ። እቶም መፅሓፍቲ ከም ስነ ፅሑፍ ወሲድና እንትንርኢ ናይ ተጋሩ ማሕበራዊ ክብርታታት ሓደ ንዝኾነ ፍልስፍና ዓቂቡ ማህደር ከም ዘፅነሐልና ንግንዘብ። ንኣብነት ዳንኤል ዝጠቐሶም መፅሓፍቲ ዘርኣያቆብ፣ መፅሓፈ ሒቃር፣ መፅሓፈ ወግሪስ ጠቢብ፣ መፅሓፈ ኣንጋረ ፈላስፋ፣ መፅሓፈ ፍልስፍና ዘፀርኢ፣ መፅሓፈ ፍልስፍና ዘፋርስ፣ እስክንድር፣ መፅሓፈ ሳቤላን ፍልስፍና ዝብሃል ሓደ ክብሪ ማሕበረሰብ ማህደር ኮይኖም ዓቂቦሞ ይርከቡ።

ድሒሩ ኣብ ዘሎ ኩነታት እውን ክብርታት ሓደ ማሕበረሰብ ኣብ ምዕቃብ ርኡይ ተራ ዝፃወት ዘሎ ስነ ፅሑፍ እዩ። ንኣብነት መንፈስ ሰዓራይነት፣ ዘይተምበርካኽነት፣ ፍትሓዊነት፣

ርትዓዊነት፣ ተፃዋራይነት፣ ተበጃውነትን መሓራይነትን ካብቶም ክብርታት ትግራይ ገሊኦም እዮም። እዞም ክብሪታት ትግራይ ናይ እማን ክብርታት ትግራይ ም'ኳኖም ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ናይ መ'ኸተ ዓመታት ተራእዮም። እሞ እዞም ክብሪታት ኣበይ ተዓቂቦም ይርከቡ እንታይልና ኣብ ግጥምታትና፣ ፊልምታትና፣ ተዋሶታትናን ሓቀኛን ልበ ወለዳዊ ዘንታታትናን ዝብል መልሲ ኢና ንረክብ። ከም ኣብነት ዝስዕብ ክያኒ መርከብ ቦኒትዋ ዝደረፎ ግጥሚ ንርአ።

ማርሽ ቀይሩ ድሕሪ... ገምጋም ዓዴት-
ኀይታ ሰላም ማሃንዲስ.. ናይ ኩናት-
ታሕሳስ ጥሪ.. ሽሾ ከቢብ'ኳ-
ወፂ'ኻዮ ...ፍንፅሕ ፅሕ ኣቢልካ-
ኣብ ጫሞ ኣድፊጠን.. ደቂ ዛግራ-
በታቲንካ... ሰጊርካዮ ጅራ-
ፅዳጋ ሓሙስ... ጅዋማረ-
ሓዱሽ ምዕራፍ.. ዓወት ዘበሰረ-
ማእኸል ተምቤን.. ድጉም
ግዳጅ ቀፅል.. ናብ ሸውዓተ ሕጉም
ገረብ ግባ... የጭላ ፊነርዋ
ኣቢልካየን... ወየን ገለ ኣለዋ
ኣስገደ ፅምብላ እንዳባጉና
ማይ ቅነጣል ሓውዜም ልክዕ ዛና
ሕንጣሎ ዋጅራት ግጀት ሳምረ
ገበርካዮ ነበረያ ነበረ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ግጥሚ ህዝቢ ትግራይ ዘይምብርከ'ኽ ም'ኳኑ፣ ሳዓራይ ም'ኳኑ ዘመላ'ኽት ትሕዝቶ ሒዙ ይርከብ።

ታሕሳስ ጥሪ.. ሽሾ ከቢብ'ኳ-

ወፂ'ኻዮ... ፍንፅሕ ፅሕ ኣቢልካ- ዝብሉ ተለላታት ከም ኣብነት እ'ኳ እንተወሲድና እዚ ተቓላሳይ ህዝቢ ካብ ብጣዓሚ ሓያልን ብዙሑን መጥቃዕቲ ከበባን ፈንፂሑ ከም ዝወፀ ይነግር። እዚ ዘይተምበርካ'ኽነት፣ ሰዓራይነትን የመላ'ኽት። እዚ ግጥሚ ማህደር ክብርታት

ትግራይ ኮይኑ ካብ ወለዶ ናብ ከሰጋር እዩ። እዚ ድማ እዩ ስነ-ፅሑፍ ከም ማህደር ክብሪታት ኮይኑ ነገልግል ንብሎ።

ግደ ኣመልኪቶም ዝተፈላለዩ ምሁራን ዝተፈላለዩ ሓሳባት ሂቦም እዮም። ካብዞም ምሁራን Lazar (1993:14) ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ኣብ ምስትምሃር ቋንቋ ዝህልዎም ግደ ዝላዓለ ከምዝኾነ ተርድኦ። ከም ኣገላልፃ Lazar (1993:14) ስነ-ፅሑፍ ብመተባባዓይነቱ፣ ባህሊ መምሃራይነቱ፣ ግንዛበ ቋንቋ መስፋሓይነቱ፣ ክእለት ምትንታን ትሕዝቶ ፅሑፍ ተምሃሮ ኣብ ምምዕባል ሓጋዛይነቱ፣ ስብእና ተምሃሮ ዘማዕብል ምኻኑን ለመደ ቋንቋ ዘቃላጥፍ ምኻኑን ንምስትምሃር ቋንቋ ተመራፃይ እዩ።

ባእታታት ስነ-ፅሑፍ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ከም መማያየጥቲ ዛዕባታት ምቹዋት እዮም። ተምሃሮ ብዛዕባ ባእታታት እቲ ንምስትምሃር ቋንቋ ዝቐረበ ስነ-ፅሑፍ ከንቡቡ፣ ክሓቱ፣ ክፅሑፉ፣ ክትንቱኑን ክዛረቡን እንትንገብሮም ብንቕሓት ይሳተፉ። እኩይን ሰናይን ተግባራት ገፀ-ባህርያት ካብ ኣእምሮ ተምሃሮ ብቑልጡፍ ስለዘይጠፍኡ ንተሳትፎ ተምሃሮ ሓጋዚ ምኻኑ ይእመን። ተምሃሮ ዝተፈላለዩ ዕዮታት ቋንቋ ንኽሰርሑ እውን ሓጋዚ እዩ።

እዞም መፅናዕትታት ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ምስ ዘመናዊ አቀራርባ ትምህርቲ ቋንቋ ተሳንዮም ንምስትምሃር ቋንቋ እንትቐርቡ ኣብ ምምዕባል ክእለታት ቋንቋ ተምሃሮ ሉዑል ግደ ከም ዘለዎም ይገልፁ። በዚ ድማ ምስቲ ብ Lazar (1993:14) ዝቐረቡ ነጥቢታት ዝደጋገፉ ኮይኖም ንረኽቦም።

ከም ኣገላልፃ Lazar (27-30) ሰለስተ ዓይነት ሜላታት ኣቀራርባ ስነ ፅሑፍ ንምስትምህር ቋንቋ ኣለዉ። ንሳቶም እውን ቋንቋ መሰረት ዝገበረ፣ ትሕዝቶ መሰረት ዝገበረ፣ ህንፀት ስብእናን ተሳትፎን መሰረት ዝገበረን እዮም። እዞም ስለስተ ዓይነታት ሜላታት ኣቀራርባ ስነ ፅሑፍ ንምስትምሃር ቋንቋ ምስ ዕላማታት ትምህርቲ ቋንቋ ኣዛሚድና እንትርኢ ቋንቋ መሰረት ዝገበረ ኣቀራርባ ተምሃሮ ክእለታት ቋንቋን ፍልጠታት ቃንቋ ንምስትምሃር ሓጋዘይ እዩ። ምስዚ ንምትእስሳር Lazar ከም ዝገለፀቶ ስነ ፅሑፍ ኣብ ምስትምሃር ቋንቋ ንህንፀት ስብእናን ምምዕባል ተሳትፎ ተምሃሮን እውን ሓጋዚ እዩ። ስብእና ኣብ ክብርታት ኣለዉ። ስብእና እንትላዓል ኣብ ክብርታትና ንስብእና ዝገልፁ ነገራት ንረክብ። ናይ ስራሕ ባህሊ፣ ዘይተምበርካኽነት፣ መሃዛይነት... እዞም ሓበራዊ ክብርታት ብውልቀ ሰባት እውን ዝውነኑ እዮም። ስለዚ ካብቲ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝቐረቡ ክብርታት ንምስትምሃር ባህሊን ንምስትምሃር ስብእናን ክብርታትን ዝውዕሉ እዮም። ዝነፃፀሉ እውን ኣይኮኑን።

ዝተፈላለዩ ምሁራን ኣብ ዝተፈላለዩ መድርኻት ከም ዝገለፅዎን ኣብ ዝተፈላለዩ ሰነዳት ከም ዘስፈርዎን ስነ-ፅሑፍ ቡዙሓት ብያነታት እናተዋህብዎ ዝመፀን ኣካል ኪነ-ጥበብ እዩ። እቶም ንስነ-ፅሑፍ እናተዋህብዎ ዝመፁ ብያነታት ብዙሓት እኳ እንተኾኑ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ምድባት መዲብካ ክረኣዩ ዝኽእሉ እዮም። እቲ ሓደ ምድብ ብያነ ስነ-ፅሑፍ ስነ-ፅሑፍ ንዝኮነ ይኹን ተፃሒፉ ዝቐረበ ነገር ክውክል ተገይሩ ዝቐርበሉ እዩ። እቲ ካልኣይ ዓብይ ምድብ ብያነ ስነ-ፅሑፍ ድማ ስነ-ፅሑፍ ተውህቦን ፍልጠትን ብዝተዓደሎም ሰባት ናይ ዝተደርሱ ጥበባዊ ኣጠቓቕታት ቋንቋ ክውክል ተገይሩ ዝቐርበሉ እዩ።

ስነ-ፅሑፍ ኣስፈሕና ወይ ኣፅቢብና ንኽንገልፆ ንምፅናዕ ዝተደለየ ጉዳይ ኣቐዲምካ ምንፃር ሓገዝ ከም ዘለዉ ዝገልፁ ምሁራን ኣለዉ። ስዒቡ ዝቐረበ ሓሳብ ከም ኣብነት ክጥቀስ ዝኽል እዩ።ስነ-ፅሑፍ ብሓደ ገፅ ንዝኾነ ይኹን ኣብ ፅሑፍ ዝዋዓለ ነገር ዝጥርንፍ እንተኸውን ከሎ ብካሊእ ገፅ ድማ ብምናባውነቶምን ጥበባውነቶምን ክብ ዝበለ ደረጃ ንዘለዎም ስራሕቲ ፈጠራ ዝምልከት ኮይኑንረኽቦ። በዚ መዳይ ስነ-ቃል (ምናባዊ ክዋንኡ ብቓል ወይ ድማ ብኣፍ ዝቐርብ ጥበብ) እውን ካብቶም ክብ ዝበሉን ፅሬት ደረጃኦም ዝተመስከረሎምን ዓይነት ፅሑፋት ማዕረ ክስራዕ ዝኽእል ይኸውን። ብዝኾነ ግን ንእንታይንት ስነ-ፅሑፍ ብብያነ ንምውሳን ብኣውርኡ ዘግድደና ቁምነገር እቲ ዝተበገስናሉ ዕላማ እዩ ክከውን ዝኽእል። በዚ ድማ እንተስ ኣግፊሕና እንትስ ኣፅቢብና ንክንውስኖ ንምፅናዕ ዝደለናዮ ጉዳይ ምንፃር ሓገዙ ዝላዓለ ይኸውን። (ጌታሁን፣1997፣3)

ስነ-ፅሑፍ ብሰፊሑ ይኹን ብፀቢቡ እንትንምልከቶ ንኩሎም ምሁራን ዘስማዕምዕ ሓደ ውሱን ብያነ ንኽዋሃቦ ዝኸብድ ዓውዲ ኪነ-ጥበብ እዩ። ስነ-ፅሑፍ ብሓደ ገፅ ንዝኾነ ይኹን ኣብ ፅሑፍ ዝዋዓለ ነገር ይወክል እንትተባህለ ዝተፃሕፈ ነገር ብዙሕ መልክዕን ትርጉምን ስለ ዘለዎ ውሱን ብያነ ዝዋሀቦ ኣይኮነን። ብተመሳሳሊ መንገዲ ስነ-ፅሑፍ ብፀቢቡ ተራኣዩ ፅባቐ ንዝተላበሰ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ክውክል ተገይሩ እንተተወሰደ እውን ውሱን ብያነ ተዋሂቡሉ ማለት ኣይኮነን። ምኽንያቱ ፅባቐ ዝተላበሰ ኣጠቓቕማ ቋንቋ እንትባሃል ኣብ ውሽጡ ብዙሓት ዛዕባታት ዝሓዘ ስለዝኾነ።

እንታይነት ስነ-ፅሑፍ ብናይ ባዕሎም መንገዲ ንምግላፅ ዝፈተኑ ምሁራን ብዙሓት እዮም። እዞም ምሁራን ገሊኦም ናይ ውሽጢ ዓድና እዮም። እዞም ምሁራን ንስነ-ፅሑፍ በቢዝመስሎም ብያነ ዘቐመጥሉ እኳ እንተኾኑ ብዙሓት ንስነ-ፅሑፍ ሓደ ውሱን ብያነ ንምሃብ ከም ዝኸብድ ዝገልፁ እዮም። እቶም ካልኦት ወፃእተኛታት ምሁራን እንትኾኑ ብተመሳሳሊ መንገዲ ንስነ-ፅሑፍ በቢዝመስሎም ብያነ ዘቐመጥሉ እዮም። ብዙሓት ወፃእተኛታት ምሁራን ስነ-ፅሑፍ

ፅባቐ ዝተላበሰ ኣጠቓቕቓ ቋንቋ ምዃኑ ዝገልፁ እዮም። ካብዞም ብዙሓት ምሁራን ወፃእተኛታት ሃገርናን ናይቶም ዝተወሰኑ ከም ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

Lazar (1993:2) ስነ-ፅሑፍ ዘይዝዉቱር ኣጠቓቕማ ቋንቋ እዩ። ብምባል ትገልፆ። እዚ ኣገላልፃ ነቲ ፀቢብ ብያነ ስነ-ፅሑፍ ዝውክል ይመስል። ዘይዝዉቱር (ዘይሉሙድ) ኣጠቓቕማ ቋንቋ ስምዒት ሰባት ዝፀሉ እዩ። በዚ ኣቢሉ ድማ ሰባት ክሳሓቡ ይገብር። በዚ ድማ Lazar ኣብ ላዕሊ ንስነ-ፅሑፍ ዝሃበቶ ብያነ ንዝኾነ ይኹን ኣብ ፅሑፍ ዝዋዓለ ነገር ዘየጠቓልል እዩ።

Oxfored English dictionary ንስነ-ፅሑፍ (Litrature) " Littera" ካብ ዝብል ናይላቲን ቃል ዝመፀ ኮይኑ ንዝኾነ ይኹን ፅሑፍ ከም ዝምልከት ይገልፅ። እዚ ድማ ስነ-ሑፍ ንኩሎም ናይ ሳይንስ ፅሑፋትን ካልኦት ፅሑፋትን ክጠምር ከም ዝኽእል ዝገልፅ እዩ። Melakneh (1996:1) ነዚ ኣብ ላዕሊ ብ Oxfored English dictionary ዝቐረበ ብያነ ስነ-ፅሑፍ ከም ዝስዕብ ይነቕፎ። እዚ ብያነ ስነ-ፅሑፍ ፍሉይ ትኹረት ስነ-ፅሑፍ ዝንፅር ኣይኮነን። በዚ ድማ ስነ-ፅሑፍ ምስ ካልኦት ዓይነታት ትምህርቲ ክተሓዋወስ ዝገብር እዩ። በዚ ድማ እዚ ብያነ ስነ-ፅሑፍ ኣብ መንጎ ናይ ፈጠራ ስራሕትን ከልኦት ፅሑፋትን ዘሎ ቅዳውን ጥበባውን ፍልልይ ዘህስስ እዩ። ይብል።

ታደሰ (2004፣4) ስነ-ፅሑፍ ንኹሉ ዝተፃሕፈ ነገር ክውክል የብሉን ዝብል ሓሳብ የንፃባርቕ። ከም ምኽንያት ዘቕርቦም ክልተ ሓሳባት ድማ ኣለውዎ። እቲ ሓደ ሓሳብ ምናባውነት፣ ፈጠራዊነትን ቅዳውን ዓቕሚ ስነ-ፅሑፍ ጠመተ ንኽይዋሃቦ ዝገብር እዩ ዝብል እዩ። እቲ ካሊእ ድማ ብዙሕ ሃፍተ ፅባቐ ዘለዎም ሓይሊ ምስሓብን ምድማምን ዘለዎም ፅሑፋት ብፅሑፍ ብዘይ ምቕራቦም ኣብ ስነ-ፅሑፍ ንኽይምደቡ ዝኽልክል እዩ። ዝብል እዩ። ታደሰ (2005፣5) Robpop (2002:60) ጠቒሱ ከም ዝገለፆ ስነ-ፅሑፍ ብኪነታዊነቶም ልዕል ንዝበሉ ስራሕቲ ፈጠራ ክውክል ዝተገበረ ኣብ መበል 16 ክፍለ ዘመን እዩ። እዚ ድማ ፅባቐ ዝዓብለሎም ኣጠቓቕማታት ቋንቋ ካብቶም ሉሙዳት ኣጠቓቕማታት ቋንቋ ንምፍላይ ዝተገብረ ይመስል። በዚ ድማ ተመሳሰልቲ ባህሪ ዘለዎም ነገራት ኣብ ሓደ መደብ ምምዳብ ስለ ዝኾነ፤ እሞ ድማ ንመፅናዕቲ ምቹውነት ስለ ዘለዎ እቲ ኣካይዳ ተቐባልነት ዘለዎ ይመስል።

ዘሪሁን (1998፣2) ስነ-ፅሑፍ ኣብ ታሪኽ ወዲ ሰብ ንቡዙሓት ዘመናት ዝፀንሐ ኪነ-ጥበብ ከም ዝኾነ ይገልፅ። ከምኡ እውን ብዛዕባ መንነቱ፣ ኣብ ልዕሊ ሰባት ዘሕድሮ ፅልዋ፣ ዘካትቶም ነገራትን ዝህቦም ረብሓታትን ኣመልኪቶም ብዙሓት ክተዓትን መፅናዕትታትን ዝተኻየድሉ

ዓውዲ ከም ዝኾነ ይገልፅ። ከም ኣገላልፃ ዘሪሁን ስነ-ፅሑፍ ብዘለዎ ብዙሓት ጨናፍር፣ በብዘመኑ ብዘርእዮም መልክዓትን ኣፈላላይ ርድኢት ሙያተኛታትን ንኩሉ ዘስማዕምዕ ሓደ ብያነ ኣይተረኸበሉን።

ብሓፈሻ ሓደ ብያነ ስነ-ፅሑፍ ንምሃብ ዘለናዮ ዘመን ምድህሳስን ታሪኽ ወዲሰብ ምፍላጥን ሓጋዛይ እዩ። ኣብ ጥንቲ ዝነበረ ምዕባለታት ወዲ ሰብ ምስቲ ሕዚ ዘሎ ኣፈላላይ ስለ ዘለዎ ነኒ ዘመኑ ዝገልፅ ብያነ ምሃብ ዘድሊ ይመስለኒ። ሰለዚ ስነ-ፅሑፍ ብብያነ ንምውሳን እቲ ዓውዲ እቲ እነካይዶ መፅናዕቲ ወሳንነት ኣለዎ። ተመሳሳሊ ባህሪ ዘለዎም ነገራት ኣብ ሓደ እና መደብና፤ ምሰ ዕላማ መፅናዕቲና እንገብሮ ብያነ ናይ ምሃብ ፈተነ ካብ ደንገርገ ዘውፅእ እዩ። ስለ ዝኾነ ኪነታዊ ፅባቐኦም ዝዓዘዘ ኣጠቓቕማታት ቋንቋ (ፅሑፋት) ስነ-ፅሑፍ እንትተወሰዱ ንመፅናዕቲ ዝቐለለ ይኸውን። እቶም ካልኦት ፅሑፋት እውን ብተመሳሳሊ መንገዲ ዝረአዩ እዮም።

## 2.1.4 ስነ-ፅሑፍ ከም መስተምህሪ ባህሊ ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ

ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ ከም ምስትምሃር ባህሊ ዝህልዎም ግደ ዝለዓለ ምዃኑ ዝተፈላለዩ ምሁራን ይገልፁ። ንኣብነት Lazar (1993:14) ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ኣብ ውሽጢ ምስትምሃር ቋንቋ ዝህልዎም ግደ ዝላዓለ ከም ዝኾነ ብምግላፅ ስነ-ፅሑፍ ብመተባባዓይነቱ፣ ባህሊ መምሃራይነቱ፣ ግንዛበ ቋንቋ መስፋሓይነቱ፣ ክእለት ምትንታን ትሕዝቶ ፅሑፍ ተምሃሮ ኣብ ምምዕባል ሓጋዛይነቱ፣ ስብእና ተምሃሮ ዘማዕብል ምዃኑን ለመደ ቋንቋ ዘቃላጥፍ ምዃኑን ንምስትምሃር ቋንቋ ተመራፃይ እዩ።

ባእታታት ስነ-ፅሑፍ ዘልዕልዎም ባህላዊ ትሕዝቶታት ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ከም መማያየጥቲ ዛዕባታት ምቹዋት እዮም። ተምሃሮ ብዛዕባ እቶም ባህላዊ ትሕዝቶታት እንትማሃሩ ቋንቋ ጥራሕ ዘይኮነ ባህሊ እውን ይመሃሩ። ኣብ ባህሊ በዙሕ ሕማቕን ፅቡቑን ይምሃሩ።

ባህሊ ማሕበረሰባት ብሕብረት ዝፈጥርዎ፣ ኣብ ከይዲ መነባብርኦም ከም መሳረሒ ዘጥቀሙሉ፣ ተስማዕሚዖም ዝቕበልዎ፣ ዝግዝእሉን ዝመሓደሩሉን ውፅኢት ማሕበራዊ ናብራ እዩ። ባህሊ ብቡዙሕ መልክዓት ይግለፅ። ብኣታሓሳስባ፣ ናይ ናብራ ሜላ፣ ቁሳዊ ሃፍቲ፣ ብቋንቋን ወዘተ. ማሕበራዊ ክብርታት እውን ኣካል ባህሊ ኮይኖም ዘስጉሙ እዮም። ዳንኤል (2012፣ 232)። ስነ ፅሑፍ ባህላዊ ዛዕባታት ሰለ ዘልዕል ኣብ ውሽጢ ምስትምሃር ቋንቋ እግረ መንገድኻ ንምስትምሃር ባህሊ ምጥቃም ይካኣል። እንተዘይድለ እውን ኣብቲ ሰነ ፅሑፍ ባህላዊ ትሕዝቶ ሰለ ዘይሳኣን ተምሃሮ ባህሊ ካብ ምምሃር ወፃኢ ኣይኾኑን።

ስነ-ፅሑፍ ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ ከም መስተምህሪ ባህሊ ክንጥቀመሉ ከም እንኽል ዝገልፁ ምሁራን ኣለዉ። Mekay (1982:16) ስነ-ፅሑፍ ንምስትምሃር ቋንቋ ክውዕል ከም ዘይብሉ ንምቁዋም ከም መርትዖ ዘቕርቦ ሓሳብ ኣሎ። ንሱ ዝተፈላለዩ ባህላዊ ትሕዝቶታትን ኣመለኻኽታትን ስለዝሕዝ ተምሃሮ ንኽርድእዎ ከቢድ እዩ። ዝብል እዩ። ከቢድ እዩ ዝብል ሓሳብ ከከም ኣመራረፃ ሰነ-ፅሑፉን ባህላዊ ትሕዝቱኡን ዝውሰን እዩ። ስነ ፅሑፍ ንምስትምሃር ባህሊ ከም ዝውዕል ግን ምስክርነት ሂቡ ኣሎ። Lazar (1993:16) ስነ-ፅሑፍ ከም መስተምሃሪ ቋንቋ እንትንጥቀም ተምሃሮ ዝተፈላለዩ ባህላዊ ትሕዝቶታት ይምሃሩ፣ ካብ ባህሎም፣ ማሕበረሰቦምን ስድሮኦምን ክወርስዎም ዝግበኦም ባህለዊ ፀጋታት ክወርሱን ይሕግዞም ተብል። እዚ ድማ ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ ስነ-ፅሑፍ ከም መስተምሃሪ ባህሊ ክውዕል ዝኽእል ምዃኑ ዝሕብር እዩ።

ስነ-ፅሑፍ ከም መስተምህሪ ባህሊ ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ  እንትውዕል ተምሃሮ እቲ ንምስትምሃር ባህሊን ቋንቋን ዝቐረበ ስነ-ፅሑፍ ከንቡቡ፣ ክሓቱ፣ ክፅሑፉ፣ ክትንቱኑን ክዛረቡን እንትንገብሮም ብንቕሓት ይሳተፉ። እኩይን ሰናይን ተግባራት ገፀ-ባህርያት ካብ ኣእምሮ ተምሃሮ ብቑልጡፍ ስለዘይጠፍኡ ንተሳትፎ ተምሃሮ ሓጋዚ ምዃኑ ይእመን። ተምሃሮ  ዝተፈላለዩ ዕዮታት ቋንቋ ንኽሰርሑ እውን ሓጋዚ እዩ።

ብኻሊእ መዳይ ስነ-ፅሑፍ ብብዙሓት ሰሓብቲ ባህላዊ ኣገላልፃታትን ኣቀራርባታትን ዝማዕበለ ስለ ዝኾነ ተምሃሮ ካብቶም ሰሓብቲ ኣገላልፃታትን ኣቀራርባታትን ንምስትምሃር ቋንቋ ሓገዝቲ ዝኾኑ ዓቕምታት ይረኽቡ። ተምሃሮ ነቶም ሰሓብቲ ኣገላልፃታትን ኣቀራርባታትን ደጋጊሞም እንትብልዎም፣ እንትዛረብዎም፣ እንትፅሕፍዎምን እተንብብዎምን ኣብ ልምምድ ቋንቋ ሉዕል ተሳትፎ ይገብሩ። ልምምድ ንጥፈታት ቋንቋ (ንሓደ ክእለት ደጋጊምካ ምትግባር) ኣብ ምስትምሃር ቋንቋ ሉዑል ሓገዝ ኣለዎ። ምኽንያቱ ክእለታት ቋንቋ ኣብ ሓደ ክፍለ-ግዘ ተማሂርካ ዝካኣሉ ዘይኮኑስ ኣብ ከይዲ ብዝትግበር ቡዙሕ ልምምድ ዝምዕቡሉ ስለዝኾኑ። በዚ መዳይ እንትረአዩ ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ  ኣብ ምስትምሃር ቋንቋን ባህልን ዝህልዎም ግደ ሉዑል ምዃኑ ይእምን።

ስነ-ፅሑፍ ኣብ ምስትምሃር ባህልን ቋንቋን ክህልዎ ዝኽእል ፍሉይ ግደ ካብቲ ጥበባዊነቱን ፈጠራዊነቱን ባህሪኡ ዝብገስ ይመስለኒ። ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ንወዲሰብ ሰሓብቲ እዮም። እዚ ሰሓባይነት ባህሪኦም ድማ ሰባት ንኽዳምፅዎም፣ንኸንብቡዎም፣ንኽፅሕፍዎምን  ዝገብር እዩ። በዚ ድማ ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ባዓል Lazar (1993) ከም ዝበለኦ ኣብ ምስትምሃር ቋንቋን ባህልን ከም  መብረታታዕቲ ኮይኖም ዘገልግሉ ምዃኖም ይእምን። ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ከም

መስተምሃሪ ቋንቋ እንትንጥቀመሎም ተምሃሮ እናተዘናግዑ ክምሃሩ ንገብሮም ኣለና ማለት እዩ። ምኽንያቱ ስነ-ፅሑፍ ብባህሪኡ መዘናጊዒ ስለዝኮነ። በዚ ኣቢሉ ድማ ስነ-ፅሑፍ ቀልቢ ተምሃሮና ብሓሳብ ወይ ኻሊእ ምኽንያት ኣብ ክፍሊ ካብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ከይወፅእ ዝገብር ስለዝኾነ ረብሓኡ ዝናዓቕ ኣይኮነን።

ስነ-ፅሑፍ ብብዙሓት ሰሓብቲ ባህላዊ ትሕዝቶታትን ኣገላልፃታትን ኣቀራርባታትን ዝማዕበለ ስለ ዝኾነ ተምሃሮ ካብቶም ሰሓብቲ ኣገላልፃታትን ኣቀራርባታትን ንምስትምሃር ቋንቋ ሓገዝቲ ዝኾኑ ዓቕምታትይረኽቡ። ተምሃሮ ነቶም ሰሓብቲ ኣገላልፃታትን ኣቀራርባታትን ደጋጊሞም እንትብልዎም፣ እንትዛረብዎም፣ እንትፅሕፍዎምን እተንብብዎምን ኣብ ልምምድ ቋንቋ ሉዕል ተሳትፎ ይገብሩ። ባህላዊ ክወነታት ክኸውኑን ግደ ወሲዶም ክፃወቱን ይኽእሉ። ልምምድ ንጥፈታት ቋንቋ (ንሓደ ክእለት ደጋጊምካ ምትግባር) ኣብ ምስትምሃር ቋንቋ ሉዑል ሓገዝ ኣለዎ። ምኽንያቱ ክእለታት ቋንቋ ኣብ ሓደ ክፍለ-ግዘ ተማሂርካ ዝካኣሉ ዘይኮኑስ ኣብ ከይዲ ብዝትግበር ቡዙሕ ልምምድ ዝምዕቡሉ ስለዝኾኑ። በዚ መዳይ እንትረአዩ ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ኣብ ምስትምሃር ቋንቋን ባህልን ዝህልዎም ግደ ሉዑል ምዃኑ ይእምን።

Turker (1991: 299) ከም ዝገለፆ ስነ-ፅሑፍ ንምስትምሃር ቋንቋ ክውዕል ዝጀመረ ኣብ 1950 ታት ዓ.ም.ፈ. እዩ። በዚ ድማ ስነ-ፅሑፍ ኣብ ምስትምሃር ቋንቋ ዘበርከቶ ግደ ብዙሕ ነዊሕ ዘይባሃል እዩ። በዚ ድማ ስነ ፅሑፍ ብባህሪኡ ዝጠመሮም ፀጋታት ኣብ ምስትምሃር ቋንቋ ዘይዋዐሉ ምንባሮም ንርዳእ። ስነ-ፅሑፍ ከም ሳሓባይነት፣ ኣብ ኣራኣእያ ሰባት ፅልዋ ምሕዳር፣ ምስ ባህሊ ሓደ ሕብረተሰብ ምልላይ፣ ናይ ምናባዊነትን ተመራማራይነትን ፀጋታት ዝሓዘ እዩ። እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ፀጋታት ስነ-ፅሑፍ ኣብ ምስትምሃር ቋንቋ ዝፃወትዎ ግደ ከም ዝህሉ ምግማት ዝኸብድ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ስነ-ፅሑፍ ብባህሪኡ መላዓዒሊ ስለ ዝኾነ።

ስነ-ፅሑፍ ኣብ ምስትምሃር ቋንቋ ክህልዎ ዝኽእል ፍሉይ ግደ ካብቲ ጥበባዊነቱን ፈጠራዊነቱን ባህሪኡ ዝብገስ ይመስል። ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ንወዲሰብ ሰሓብቲ እዮም። እዚ ሰሓባይነት ባህሪኦም ድማ ሰባት ንኽዳምፅዎም፣ ንኽንብቡዎም፣ ንኽፅሕፍዎምን ዝገብር እዩ። በዚ ድማ ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ባዓል Lazar (1993) ከም ዝበለኦ ኣብ ምስትምሃር ቋንቋ ከም መብረታታዕቲ ኮይኖም ዘገልግሉ ምዃኖም ይእምን። ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ከም መስተምሃሪ ቋንቋ እንትንጥቀመሎም ተምሃሮ እናተዘናግዑ ክምሃሩ ንገብሮም ኣለና ማለት እዩ። ምኽንያቱ ስነ-ፅሑፍ ብባህሪኡ መዘናጊዒ ስለዝኮነ። በዚ ኣቢሉ ድማ ስነ-ፅሑፍ ቀልቢ ተምሃሮና

ብሓሳብ ወይ ኻሊእ ምኽንያት ኣብ ክፍሊ ካብ ክይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክይወፅእ ዝገብር ስለዝኾነ ረብሓኡ ዝናዓቕ ኣይኮነን።

ትሕዝቶ ስነ-ፅሑፍ ካብ ግዘ ናብ ግዘ ዝሰጋገር እዩ። በዚ ድማ ተምሃሮ ንሓደ ስነ-ፅሑፍ እንትንብቡ ምስ ዝተፈላለዩ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ገፀ-ባህርያት ይላለዩ። ናይቶም ገፀ-ባህርያት ሓሳባት፣ልምድታት፣እምነታት፣ ሜላ ኣዘራርባኦም ወዘተ. ይፅዘቡ። በዚ ኣቢሎም ድማ ምስ ቋንቋ ባህልን ተኣሳሲሮም ኣብቲ ሕብረተሰብ ተቐባልነት ዘለዎም ባህርታት የፅንዑ። ሰብ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ምስ ተፈጥሮን ባዕሉን ዘካይዶ ቃልሲ እንታይ ከም ዝመስል ብስነ-ፅሑፍ ይርኢ። ኣብ ስነ-ፅሑፍ ዝርከብ ቋንቋ ኣብ ማዓልታዊ ርክብና ብበዝሒ ዘይንጥቀመሉን ኣብ መብዛሕትኦም ፅሑፋት ብበዝሒ ዘይርከብን እዩ።

Yeasminን ካልኦትን (2011: 284) ከም ዝበልዎ ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ንምስትምሃር ቋንቋ እንትውዕሉ ተምሃሮ ናይቲ ዝማሃሩዎ ቋንቋ ባህልን ፖለቲካዊ ድሕረባይታን ንኽፈልጡ ይሕግዞም። ከምኡ እውን ኣብ ሓደ ውሱን ሕብረተሰብ በቲ ቋንቋ ክረዳድኡ የኽእልዎም። ናይ ሰብ ተፈጥራኣዊ ባህርያት ንክፈልጡ ይሕግዝዎም። እዞም ምሁራን ንAlam (2007:377) ብምጥቃስ ከም ዝገለፅዎ ተረዳድኣዊ ሜላ ኣመሃህራ ቋንቋ ምጥቃም ስነ-ፅሑፋት ንምስትምሃር ቋንቋ ዘተባብዕ እዩ። ምኽንያቱ ስነ-ፅሑፍ ተምሃሮ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ክሰሩሑን ሓሳብ ንሓሳብ ንኽለዋወጡን ስለ ዝገብር። እቶም ሰነ-ፅሑፋት ኣብ ምግማት ሓደሽቲ ሓሳባት፣ ንባብ፣ ክትዕን፣ ፅሕፈትን ብሳሓባይነቶምን ተሕዝቶኦምን ተመረፅቲ ስለ ዝኾኑ እዩ።

ከም ኣገላልፃ Lazar (1993:17) ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ኣብ መስተምሃሪ ክፍሊ ንልምምድ ክእለታት ቋንቋ እንትውዕሉ ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ዝስርሑ ንጥፈታት ንተምሃሮ ዘበራብሩ ይኾኑ። ጠቓምነቶም ድማ ብዙሓት ቅድታትን ትርጉማትን ዝሓዙ ስለ ዝኾኑ ኣብ ክፍሊ ንዝግበር ምይይጥ ፅቡቕ ዕድል ይፈጥሩ። ተምሃሮ ንሓደ ስነ-ፅሑፍ ኣንቢቦም ወይ ኣዳሚዖም ንምርዳእ ዘኽእልዎም ዓቕምታት ከማዕብሉ ዝገብር እዩ። እቶም ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ቋንቋ እንለማመደሎም ዕዮታት ወይ ንጥፈታት ኣብ ሰነ-ፅሑፍ ዘድሃቡ እንተኾይኖም ተምሃሮ ይነቓቕሑ።

ኣብ ማዓልታዊ ህይወትና ከም እንዕዘቦ ሰባት ብሚድያታት ንዝቐረቡ ስነ-ፅሑፋዊ ትረኻታት ብሃንቀውታ እዮም ዝከታተሉ። ኣብ ዝተፈላለዩ መድርኻት ንዝቐርቡ ተዋስኦታት ይከታተሉ። ምስላታት ንዝሓዝዎ ትሕዝቶ የድንቁ። ንሐደ ትኹረት ክገብሩሉ ዝደለዩ ነገር

መሲሎም ይዛረቡ። ጅግንነት፣ ሓልዮት፣ቅንዕና፣ ልግሲ ወዘተ. ንምግላፅ ግጥምታት ፈኺራን መልቀስን የቕርቡ። እዞም ውፅኢታት ስነ-ፅሑፍ ቀልቢ ሰባት ናይ ምስሓብ ዓቕሚ ስለዘለዎም ሰባት ይከታተልዎም። ኣብ ምስትምሃር ቋንቋ እውን ተመሳሳሊ ነገራት ከም ዝህሉ ንምግማት ኣይኸብድን። ምኽንያቱ እቲ ፀላዊ ባህሪ ስነ-ፅሑፍ ተምሃሮ ንጥፈታት ቋንቋ ንክሰርሑ ስለዝዕድም።

Lazar (1993:16) ስነ-ፅሑፍ ንምስትምሃር ቋንቋ እንትውዕል ክሕሰበሎም ዘለዎም ስግኣታት ትገልፅ። እቶም ስግኣታት ድማ ብመጀመርያ ሓዳሓደ ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ተምሃሮ ዝመሃርዎ ትኽክለኛ ባህሊ ዘይከርእይ ይኽእል እዩ። ከምኡ ድማ ኣብ ሐደሓደ ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ እንረኽቦ ቋንቋን ትሕዝቶን ንኹሉ ሕብረተሰብ ዘይውክል እዩ። ተምሃሮ ግና ንኩሉ ሕብረተሰብ ከም ዝውክል ገይሮም ክርድእዎ ይኽእሉ። ብተወሳኺ ኣብ ሰነ-ፅሑፍ እንረኽቦም ባህላዊ ፍፃመታት ኣታሓሳስባታትን ፍልስፍናታትን ቀቡላት ዘይክኾኑ ይኽእሉ። ስለ ዝኾነ ድማ እቶም ንምስትምሃር ቋንቋ ክግምገሙን ክማሓየሹን ይግባእ።

ታደሰ (2004፣ 22 እውን ነቲ ኣብ ላዕሊ Lazar ዝቐረበ ዝድግፍ ገለፃ የቕርብ። ከም ኣገላልፃ ታደሰ ስነ-ፀሑፍ ክእለት ፅሕፈት-ሓዊሱ ንምስትምሃር ዓበይቲ ክእለታት ቋንቋ ኣዚዩ ጠቓሚ እዩ። እዚ ድማ ስነ-ፅሑፍ ነቶም ክእለታት ቋንቋ እናዋሃሃድና (እናሓናፈፅና) ኣብ እነስተምህረሉ እዩ። እዚ እውን እቶም ክእለታት ቋንቋ ኣብ ምምልካት ትርጉምን ኣብ ምፍጣር ምርድዳእን ከም ዝውዕሉ ብምግባር እዩ። እዚ ኣብ ምትግባር ዓንቀፍቲ ዝኾኑ ነገራት የጋጥሙ እዮም። እቶም ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ዝተፃሕፍሉ ቋንቋን ዘልዕልዎ ዛዕባን ካብ ዓቕምን ድሕረባይታን እቶም ተምሃሮ ዝራሓቐ እንትኸውን እዩ። ከምኡ ድማ ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ብደረጃ ንምቕማጦም ስለ ዝኸብድን ፅቡቕ መርኣያ ስነ-ልሳናዊ ፍልጠት ዘይምኳኖምን እዩ። ይኹንዳእምበር ተምሃሮ ዘለዎም ፍልጠትን ክእለትን ቋንቋ ንኸዕብዩ ተምሃሮ ካብቲ ሕዚ ዘለዎም ክእለትን ፍልጠትን ቋንቋ ንእሽተይ ዝወሰኸ ክብደት ቋንቋ ብዘለዎም ስነ-ፅሑፍ ምስትምሃር የድሊ። ከምኡ እውን ከበድቲ ንዝኾኑ ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ኣብ ተምሃሮ ክረአይ ዝተደለየ ምዕባለ ቋንቋ ምስቲ ክብደት ቋንቋ ክሳነ ምግባር የድሊ።

ተምሃሮ ነቲ ዝፈልጥዎ ነገር ደጊምካ ክምሃርዎ ምግባር ዘምፅእሎም ለውጢ ኣይህሉን። ተምሃሮ ካብቲ ዝፈልጥዎ ነገር ብውሱን ደረጃ ክብድ ዝበለ ቋንቋ እንትምሃሩ ኣብ ምዕባለ ክእለታት ቋንቋ ዕቤት የርእዩ። እዚ ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር እንዕዘቦ ነገር እዩ።

Krashen (1988:13) ተምሃሮ ቋንቋ ዝማሃሩ"i+1" ዝኾነ እታወት ትምህርቲ ቋንቋ እንትረኽቡ እዩ። እቲ ማለት ካብቲ ዝፈልጥዎን ዝክእልዎን ብሓደ ደረጃ ዝወሰኸ እታወት ትምህርቲ ቋንቋ የድሊ ማለት እዩ። ስለ ዝኮነ ድማ ምስቲ ኣብ ላዕሊ Lazar ዝቐረበ ዝምሳሰል ኮይኑ ይርከብ።

ስነ-ፅሑፍ ንምስትምሃር ቋንቋ ዝቐርቡሎም ሜላታት ኣለዉ። እዞም ሜላታት ብምሁራን ቋንቋ ዝትንተኑ እንትኾኑ ካብኣቶም Lazar (1993:30) ሰለስተ ሜላታት ከም ዘለዉ ትሕብር። ንሳቶም ድማ ቋንቋ መሰረት ዝገበረ፣ትሕዝቶ መሰረት ዝገበረን ዕቤት ውልቃዊ ተሳትፎ ተምሃሮ መሰረት ዝገበረን እዮም። ቋንቋ መሰረት ዝገበረ፣ትሕዝቶ ኣቀራርባ ተምሃሮ ዝተፈላለዩ ቅድታት፣ ፍትሒት ቃላትን ሓረጋትን ንክፈልጡ ይሕግዝ። ንምይይጥ ምቹው ባይታ ይፈጥር። ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ሓሳብ ምስ ምምሃር ምስትምሃር ቋንቋ ኣዛሚድካ እንትርአ ተቐባልነት ዘለዎ ይመስል። ምስትምሃር ትሕዝቶ ስነ-ፅሑፍ ንስነ-ፅሑፋውነቱ ኣብ እንስተምህረሉ እዋን እንትንጥቀመሉ ይምረፅ። ተምሃሮ ስነ-ፅሑፋዊ ትሕዝቶታት ክምሃሩን ክትንትኑን ስለ ዝድለ ትኹረት ካብ ቋንቋ ኣብ ትሕዝቶ እንተዝኸን ይምረፅ። እንተኮነ ግና ብትሕዝቶ ኣቢልካ ትሕዝቶ ስነ-ፅሑፍ ንምርዳእ ኣብ ዝግበሩ ፃዕርታትኣብ ዝግበሩሉ እዋን ቋንቋ እውን ስለ ዝማሃሩ ምስትምሃር ትሕዝቶ ስነ-ሕሑፍ ምስ ምዕባለ ክእለታት ቋንቋ ተሓናፊያም ስለ ዝከዱ ኣብ ምስትምሃር ቋንቋ ኣዚዩ ዓንቃፊ ኣይመስለንን።

ብሓፈሻ ስነ-ሑፍ ኣብ ምስትምሃር ቋንቋ ክህልዎ ዝክእል ግደ ኣብ ምስትምሃር ባህሊ እውን ብተዛማዲ ዝረአ እዩ። ካብቲ ባህሪኡ ዝብገስ እዩ። ስነ-ሑፍ ስነ-ሑፍ ዘብሎ ኣጠቓቕማ ቋንቋኡ ስለ ዝኾነ ኣብ ስነ-ፅሑፍ ዘሎ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ተምሃሮ ቋንቋ ንኽማሃሩ ዕቡቕ መናቓቕሒ እዩ።እዚ እውን ኣብቲ ስነ-ፅሑፍ ዝኣትዉ ቃላት፣ሓረጋት ፣ኣገላልፃታት ከበድቲ መዋቕራት ተዘከርቲ ዝገብር እዩ።እቲ ኣቀራርባ ቋንቋ ተምሃሮ ዕዮታት ክሰርሑ የላዓዕል። ምስ ቋንቋ ዝዛመዱ በቢከባቢኡ ዝባሃሉ ኣገላልፃታት ክምሃሩ ይገብር።

Shotን ካልኦትን (2014:89 ንምስትምሃር) ቋንቋ ዝውዕሉ ጋህዳዊ ልበ-ወለዳት፣ ታሪኽ ህይወይት፣ ሓበርቲ ፅሑፋትን ካልኦትን ስነ-ፅሑፋት መረፃን ገምጋምን ክካየደሎም ኣለዎ ይብሉ። ከም ኣገላልፀኦም ድማ ዛንታ እቲ ንምስትምሃር ቋንቋ ዝውዕል ስነ-ፅሑፍ ንተምሃሮ ህፃናት ተስፋ ዝህብ፣ ታኣማኒ ዝኾነ፣ ብዛዕባ ፀጋታት ዝዝቲ ጭብጢ ዝሓዘ፣ ንጉድኣት ኣካላት ብእወንታ ዝፀሉ፣ነቲ ዝተደረሰሉ እመና ዝገልፅ፣ወሰንቲ ዝኾኑ ተጓንፎታት ዝቐርበሉ ወዘተ. ክኾኑ ከምዘለዎም ይገልፁ።

ኣብ ለዕሊ ብዓል Lazarን Shotን ዝገለፅዎ ሐሳብ ምስ ዕላማ ምምሃር ምስትምሃር ቋንቋ ናይ ወዲሰብ ናይ ምምሃር ባህርን ኣዛሚድካ እንትርአ ተቐባልነት ዘለዎ ይመስል። ሰብ ንሕማቕ ነገር ኮነ ንፅቡቕ ይማህር እዩ። በዚ ድማ ተምሃሮ ንፅቡቕ ነገር ክምሃሩ እቲ ሕማቕ ባህሪ ሕማቕ ከምዝኾነ ክፈልጡ እቲ ንምስትምሃር ቋንቋ እንመርፆም ስነ-ፅሑፍት ወሰንትን ፀለውትን እዮም። ስነ-ፅሑፍ ብባህሪኡ ሕማቓት ተግባራትን ሰናይ ተግባራትን ጠሚሩ ዝሓዘ እዩ። ዋላእኳ እቶም ሕማቓት ተግባራት ወዲሰብ ብሕማቕነቶም ወሲድና ክንማሃረሎም እንክእል እንተኾና ዕድመ ተምሃሮን ደረጃ ተምሃሮን ኣብ ግምት ብምእታው እቲ ስነ-ፅሑፍ ንተምሃሮ ብእወንታ ዝፀሉው ክኸውን ኣለዎ። እዚ ብትሕዝቶ መዳዩ እንተኸውን ብቋንቋ መዳዩ እውን ንምስትምሃር ቋንቋ ዝውዕሉ ስነ-ፁሑፋት ነቲ ደረጃ ክፍሊ ዝምጥኑ እንተእኾኑ ይምረፅ። ንኣብነት ንተምሃሮ ሳልሳይ ክፍሊ ዝምረፅ ስነ-ፅሑፍ ንተምሃሮ ዓስራይ ክፍሊ ዘይክኸውን ይኽእል። ሓፀርቲ ነበረያ ነበረ እንስሳት ድማ ንተምሃሮ ሳልሳይ ክፍሊ ተመራፃይ ይኸውን ።

### 2.1.4.1 ኣመራርፃ ክብርታት ማሕበረሰብ ሰነ-ፅሑፍ ከም መስተምህሪ ባህሊ ኣብ መፅሓፍ ትምህርቲ ቋንቋ

ምምረፅ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ዘሎ ነገር እዩ እሞ ንምስትምሃር ቋንቋ ዝውዕሉ ስነ-ፅሑፋት እውን መረፃ ከምዘድልዮም ዘጠራጥር ኣይኸውንን። KAhtibን ካልኦትን (2012:34) ንArthur (1968) ጠቒሶም ከም ዝብልዎ ኣብ መፅሓፍ ትምህርቲ ቋንቋ ዝካተት ስነ ፅሑፍ ንምስትምሃር ባህሊ ዝጠቕሙ ትሕዝቶታት እንትካተቱ ኣብ ግምት ዝኣትዉ ነገራት ኣለዉ። እቲ ዝምረፅ ስነ ፅሑፍን ተደለይቲን ኣብ ምምዕባል ኩለመዳያዊ ስብእና ተምሃሮ እወንታዊ ግደ ክፃወቱ ዝኽእሉ ባህላዊ ትሕዝቶታት ዝሓዘ ክኸውን ኣለዎ። ከምኡ እውን ንምስትምሃር ባህሊ ዝውዕሉ ስነ-ፅሑፋት ነቲ መንበባይ ዝስሕቦን ምስ ተሞኩሮ ህይወቱ ዝትሓሓዝን ክኸውን ይግባእ ይብሉ። ከም ኣገላልፃ KAhtibን ካልኦትን እቲ መንበባይ ነቲ ፅሑፍ ናይ ምንባብ ድሌትን ሃንቀውታን ክሓድሮ እንተኺኢሉን ምስ ህይወቱን እንተተዋሃሂዱን ዕላማ ምጥቃም ስነ-ፅሑፍ ኣብ ምስትምሃር ቋንቋን ባህልን ዕዉት ይኸውን።

ስነ-ፅሑፍ ኣብ ምስትምሃር ቋንቋን ባህልን ከምፍልፍልን ሓጋዝን ኮይኑ ዘግልግል ምስ ባህልን ድሕረ ባይታን ተምሃሮ ክራኸብ እንተሎ እዩ። መምህራን እንተስተምህሩ ከበድቲ ቃላትን መዋቕራትን ዝሓዙ ፅሑፋት ክመርፁ የብሎምን። እቲ ኣቀራርባ እውን ተምሃራይ ማእኸል ዝገበረ ክኸውን ኣለዎ። ንኩሎም ተምሃሮ ዘሳትፍ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ዝሓዘ መልሲ ተምሃሮ ብምትብባዕ ብግደ ምፅዋት ብምይይጥ ወዘተ. ምቕረብ ይክኣል።

Collinን SLaatrrን (1987:16)ን ከምዝገለፅዎ ሓደ ክእለት ቋንቋ ንምዕባይ እቲ ዝተመረፀ ስራሕ ስነ-ፅሑፍ ናብ ተምሃሮ ቅድሚ እወንታዊ ምቕራቡ እቲ መምህር ኣብ ስነ-ፅሑፍ ዘለዎ ኣራኣእያ እወንታዊ ክገብሮ ኣለዎ። ከምኡ እውን ድሌት ተምሃሮ ምፅናዕ የድሊ። መምህራን ተምሃሮ ቅድሚ ምምሃር ምስትምሃር ምጅማሮም እቶም ተምሃሮ ነቲ ስነ-ፅሑፍ ባህላዊ ትሕዝትኡን ዝህብዎ ግምት ዓብይ ዕልዋ ኣለዎ። ተምሃሮ እቲ ንምስትምሃር ቋንቋ ዝቐርብ ስነ-ፅሑፍ ደስ ኢልዎም ዝቕበሉዎ እንተኾይኖም ንዝቐረቡሎም ንጥፈታት ዓወት ይሰርሑ። ናይ መምህር ግደ ድማ ነቲ ቋንቋ ስነ-ፅሑፍ ግልፂ ምግባር፣ፍታሕ ከበድቲ ቃላት ምብርህራህ መተኣታታዊ ሕቶታት ምሕታትን ተምሃሮ ሕቶታት ክምልሱ ምሕጋዝን ይኸውን።

ክሳብ ሕዚ ብዝተፈላለዩ ምሁራን ዝቐረቡ ኣብ መፅሓፍ ትምህርቲ ቋንቋ ንምስትምሃር ባህሊ ዝጠቕሙ ትሕዘቶታት ዘለዎም ስነ ፅሑፍ ከመይ ክምረፁ ከም ዘለዎም ዘመልክቱ ሓሳባት እዮም። መረፃ ንምስትምሃር ባህሊ ዝውዕሉ ስነ-ፅሑፋት ኣመልኪቶም ዝቐረቡ ሓሳባት ተቐባልነት ዘለዎም ይመስሉ። ዝኾነ ኾይኑ ባህሊ ንምቕራፅ ተደላይ ስብእና ተምሃሮ ወሳኒ ስለዝኾኑ እቶም ዝምረፁ ስነ ፅሑፋት ኣብ ምቅፃል ማሕበራዊ ክብሪታት፣ ኣብ ምምዕባል ወሰንቲ እታወታት ክኾኑ ዝኽእሉን ክኾኑ ኣለዎም። ምስ ድሌት፣ ዓቕሚ፣ ደረጃ ክፍሊ፣ ድሕረባይታ፣ ተደላዩ ባህሊ፣ ሃይማኖት፣ ፆታ ወዘተ. ኣብ ግምት ዘእተዉ ይግባእ።

ኣብ ኣመራርፃ ክብርታት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ኣብ ግምት ክኣቱዉ ካብ ዝግብኦም ነገራት ai stdio google.com ንዝስዕቡ ነጥቢታት ኣቐሚጡ። ካብቶም ዝተቐመጡ ክብሪታት ሓደ ዓለማውነትን ተቐባልነቶም ዝዓዘዙን (universality and broad acceptance) ዝብል እዩ። እዚ ማለት እቶም ዝምረፁ ክብርታት ከም ተኣማንነት፣ ሰብ ኣኽባራይነት፣ ርህሩሁነት፣ ሓላፍነት ምውሳድ፣ ፍትሓዊነት፣ ፀገም ተኸፋላይነት፣ ተሓጋጋዛይነትን ከም ማለት እዩ። እቲ ካሊእ ንተምሃሮ ዝምጥኑ ወይ ዝሰማምዑ (relvance to learners) ዝብል እዩ። እዚ ድማ ምስ ዕድመ፣ ምስ ዓውዲ፣ ምስ ዕላማታት ምስትምሃር ቋንቋን ተዛሚዱ ዝኸይድ እዩ።

እቲ ካሊእ ነጥቢ ድማ ትምህርታዊ ረብሓታትን እወንታዊ ፅልዋታትን (education purpose and positive impact) ዘለዎም ዝብል እዩ። እዙ ድማ እወንታዊ ዝኾነ ማሕበራዊ ርክብ ዘማዕብሉ፣ ምኽንያታዊ ውሳነን ኣታሓሳስባን ዘማዕብሉ፣ ፍልልያት ብእወንታ ዘተኣናግዱን ዕምባረ ትምህርቲ ዘተባቡዑን ክኾኑ ኣለዎም ዝብል እዩ። ወድዓውነትን ተፈጥራኣዊ ምውህሃድን (authenticity and natural integration) እዚ ኣቶም ብግልፂ ዝረኣዩን ብስዉር ዝቐርቡን ኮይኖም ትኽክለኛ ኣብነታት ጋህዳዊ ዓለም ዝኾኑ እዮም።

እቲ ካሊእ ረቋሒ ምስ ትምህርታዊን ማሕበረሰባዊን ዕላማታት ትምህርቲ ዝሰነዩ ክኾኑ ኣለዎም ዝብል እዩ። እዚ እውን ምስ ሃገራዊ መምርሒታት ስርዓት ትምህርቲ፣ ፍልስፍና ትምህርቲ፣ እወንታዊ ማሕበራዊ ኣስተዋፅኦታት ከም ሰለም፣ ዲሞክራሲ ሓለዋ ከባቢ ዝጥቀሱ እዮም።

### 2.1.4.2 ኣቀራርባ ክብርታት ማሕበረሰብ ኣብ ውሽጢ ስነ-ፅሑፍ ከም መስተምህሪ ባህሊ ኣብ መፅሓፍ ትምህርቲ ቋንቋ

መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ቡዙሓት ነገራት የካትት። ካብ ኣቶም ሓደ ስነ-ፅሑፍ እዩ። እቲ ስነ ፅሑፍ ዝኣትወሉ ምኽንያት እውን ዝተፈላለየ እዩ። ቋንቋ ንምስትምሃር፣ ንምስትምሃር ስነ ፅሑፍ ወይ ንምምዕባል ውልቃዊ ተሳትፎ ክኸውን ይኽእል። (ላዛር፣1993) እዚ ከምዚ ናህለወ እቲ ንምስትምሃር ቋንቋ ይኹን ካሊእ ዝኣተወ ስነ-ፅሑፍ ኣብ ውሽጡ ዝሓዞም ክብርታት እቲ ማሕበረሰብ ኣለው። እዞም ክብርታት ከመይ ክቐርቡ ኣለዎም ንዝብል ሕቶ ai stdio google.com ዝስዕቡ ነጥቢታት የቕርብ።

1. ሙጡንነት (balance and nuance)

ኣቀራርባ ክብርታት ልዕሊ መጠን ዝቐለለ ክኾኑ ኣይግባእን። እዞም ክብርታት ሃናፃይ ብዝኾነ መልክዑ ክቐርቡ ኣለዎም። እዞም ክብርታት ብዝፈለለዩ መነፅራት መልክዓት ክትሪኦም ኣለካ። ዝተፈላለዩ ባህልታትን ሰባትን ንዝተፈላለዩ ክብርታት ብዝተፈላለዩ መነፅራት እናራኣዩ እቲ ሓደ ካብቲ ካሊእ የቐድሙ፣ ብናይ ባዕሎም መመዘኒ ይምዝኑን ይትንቱኑን። እዚ ኣብ ግምት ክኣቱው ኣለዎ።

2. ዘይምኽንያታዊ ዕልእን ኣድልዎን ዘወገደ ኣቀራርባ (Avoid bias and sterieotypes)

እቶም ክብርታት ከም ዘይረብሑን ካብቶም ካልኦት ከም ዝበለፁ ወይ ከም ዝተሓቱ ገይርካ ምቕራብ ግቡእ ኣይኮነን። ንሓደ ባህሪ ወይ ማሕበራዊ ክብሪ ብዘይ ምኽንያት ምፅላእ እውን ኣድላዪ ኣይኮነን።

3.Equitable representation (ማዕረ ውክልና)

እዞም ክብርታት ፅቡቓት ባህርታት ካብ ብዝሓት ድሕረባይታት ዝመፁ እዮም። ዝኾነ ጉጅለ ብዝኾነ ባህሪ ክፅላእ የብሉን።

4. ጎዳእቲ ልምድታት ምውጋድ (challenge harmful norms)፦ ኣብ መፅሓፍቲ ቋንቋ ጎዳእቲ ልምድታት ብጎዳኣይነቶም ክቐርቡ ይግባእ። ክቐርቡ የብሎምን ማለት ግን ኣይኮነን።

ክቸርቡ ኣለዎም ኅዳኣይነቶም ተተንቲኑ ክቸርብ ኣለዎ። ስባት ክርሕቕዎም ከም ዘለዎም ድማ ክፍለጥ ኣለዎ።

5. (feasibilitiy of implementation)፦ ተተግባራይነት እቲ ኣቀራርባ ክትግበር ብዝኽእል መንገዲ ክኸውን ኣለዎ።

6. Clarity for students (ግልፅነት)

መዳለውቲ መፅሓፍቲ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝቸረቡ ነጥቢታት ኣብ ግምት ብምእታው መፅሓፍቲ እንተዳልዉ ክእለታት ቋንቋ ጥራይ ዘይኮነስ እወንታዊ ዝኾነ ማሕበራዊ ክብርታት ስነ ምግባርን የስተምህሩ።

## 2.2 ዳህሳስ ቅዱማት መፅናዕትታት

ምስዚ መፅናዕቲ ዝመሳሰል መፅናዕቲ ሓደ በኣንደኛ ደረጃ የመጀመርያ እርከን የትግርኛ ቋንቋ ስርዓተ ትምህርት ውስጥ የኣገር በቀል እውቀት ኣካቶ ፍተሻ በሚል ርእስ በ ተክላሃይማኖት ገብረፃዲቅ በ 2007 ዓ.ም. ንዶክትሬት ዲግሪ መማልኢ ዝቸረበ መፅናዕቲ እዩ። ዕላምኡ ድማ ኣብ ትግራይ ዝርከብ ተዛረቢ ቋንቋ ትግርኛ ዝኾነ ማሕበረሰብ ኣብቲ ክልል ዝተዳለወ ናይ መጀመርያ ደረጃ ናይ መጀመርያ ብርኪ 1-4 ናይ ቋንቋ ትግርኛ መርሃ ትምህርቲ፣ መፅሓፍ ተምሃራይ፣ መምርሒ ንመምህር ን ሃገር በቀል ፍልጠታት ምክታቶም ምፍታሽ ነይሩ። እቶም ሃገር በቀል ፍልጠታት ኣብ ዕላማ፣ ኣብ ትሕዝቶን ኣብ መልመድታትን ምክታቶም፤ ብኸመይ ከም ዝቸረቡን ብኸመይ ንሃገር በቀል ፍልጠት ዘማዕብሉ ምኻኖም ዝፍትሽ መፅናዕቲ እዩ።

እቲ መፅናዕቲ ብፍተሻ ሰነድ፣ መርሃ ትምህርቲ፣ መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ ንመምህርን፣ ቃለ መጠይቕ፣ ዘተ ጥሙት ጉጅለን ኣቢሎም ዝተኣከቡ መረዳእታት ብዓይነታዊ ሜላ ኣተናትና ተተንቲኖም እዞም ዝስዕቡ ርካቦታት ተረኺቦም።

- ኣብ ቀዳማይ እርከን ኣፍ መፈትሒ ቋንቋ መምሃሪ መፅሓፍቲ ሃገረ በቀል ፍልጠት ምክታት ኣደላይ ኮይኑ ተረኺቡ።
- ኣብ ሃገራውን ክልላውን ትልምታት ትምህርቲ ሰነዳት ሀጋር በቀል ፍልጠት ትኹረት ረኺቡ።
- ኣብ ተፀናዕቲ ስርዓ ተምህርቲ ሃገር በቀል ፍልጠታት ምስትምሃር ዕላማ መሰረት ዝገበሩ ትሕዝቶታት ተካቲቶም።
- ትግራዋይ ኣብቲ መፅሓፍቲ ዘለዉ ሃገር በቀል ፍልጠታት ናተይ እዩ ኢሉ ዝቕበሎ ምኻኑ።

- ክእለታትን ፍልጠታትን ቋንቋ ንምስትምሃር ዝቐረቡ መልመድታትን ዕዮታትን ተምሃሮ ሃገር በቆል ፍልጠታት ከማዕብሉ ብዝሕግዙ መንገድታት ዝቐረቡ ኣይኮኑን ዝብሉን ካልኦትን እዮም። ኣብቲ መፅናዕቲ ዝስዕቡ ለበዋታት ቀሪቦም።

ካብ ክልስ ድርሳነትን ካብ ወሃብቲ መረዳእታታትን ሰነዳትን ዝተረኽበ መረዳእታ ከም ዝሕብሮ ኩሉ ማሕበረሰብ ሃገር በቆል ፍልጠትን ክብርታትን ናይ ምሕላው ሓላፍነት ኣለዎ። ካብዚ ብተወሳኺ ፍሉይ ዝበሉ ናይ ውልቀ ሓላፍነት ዝተወሃቦም ኣካላት እውን ኣለዉ።ንሳቶም እውን ሚኒስተር ትምህርቲ፣ ስርዓተ ትምህርቲ፣ ቢሮ ትምህርቲ ኮለጃት ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ሓላፍነት ክወስዱ ኣለዎም።በዚ ድማ ሃገር በቆል ፍልጠት ኣብ ስርዓተ ተምህርቲ ተኻቲቱ ተምሃሮ ሃገር በቆል ፍልጠት ክጥቀሙን ከማዕብሉን ኣለዎም ዝብል ለበዋ ተዋሂቡ።

መፅናዕቲ ተክለሃይማኖት  ብስፍሓት ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ቀዳማይ ብርኪ ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ዝተሰርሐ እንትኸውን ኣብ ሃገር በቆል ፍልጠታት ወይ ትሕዝቶታት ዘተኮረ ስለ ዝኾነ ብውሱን ክፋሉ ምስዚ መፅናዕቲ ይመሳሰል። ክልቲኦም መፅናዕትታት መፅሓፍ ተምሃራይ ብመንፅር ክብርታት ትግራይን ሃገር በቆል ፍልጠታትን ትግራይን ዝፍትሹ ስለ ዝኾኑ ይመሳሰሉ። ናተይ መፅናዕቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ዘተኮረ እዩ ናይ ተክለሃይማኖት ድማ ኣብ ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ክሳብ ራብዓይ ክፍሊ ዘተኮረ እዩ።  ናይ ተክለሃይማኖት ኣብ ሃገር በቆል ፍልጠት የተኩር እዚ መፅናዕቲ ኣብ ክብርታት ትግራይ ብመንፅር ምስትምሃር ባህሊ የተኩር በዚ ድማ ይፈላለ።

ምስዚ መፅናዕቲ ዝዛመድ መፅናዕቲ ካብ ዝኮኑ ሓደ ብሙሉብርሃን ፀጋይ ንመመሊኢ ቀዳማይ ዲግሪ ዝተካየደ እዩ። ዕላማ እቲ መፅናዕቲ ኣብ ከባቢ ዞባ ማእከል ዝቐረቡ ወይ ዝብሃሉ ብመልክዕ ቃላዊ ግጥምታትን ደርፍታትን ዝቐረቡ ሂሳዊ ግጥምታት ትሕዝትኦም  እንታይ ከም ዝመስል ምፍታሽ ነይሩ። እቲ ኣፈታትሻ ድማ እቶም ግጥምታት ብከመይ ንክብርታት ትግራይ ከም ዝሽርሽሩ ብዘርኢ መንገዲ ዝቐረቡ እዮም። በዚ ድማ ኣብቲ ከባቢ ካብ ዝብሃሉ ከባቢ ዓሰርተ ሓሙሽተ ግጥምታት ተኣኪቦም ትሕዝትኦም እንታይ ከም ዝመስሉ ብመንፅር ክብርታት ትግራይ ተፈቲሾም ተተንቲኖም።

እቶም ግጥምታት ብዓይነታዊ ኣተናትና ብገለፅቲ ቃላትንሓረጋትን ተተንቲኖም ቀሪቦም። ትሕዝቶ እቶም ብዓይነታዊ ኣተናትና ዝተተንተኑ ግጥምታት ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ጉዳያት ዘድሃቡ እዮም። ዋና ትሕዝትኦም ንመንግስቲ ትግራይን ኢትዮጵያን

ማሕበረሰብ ዓለምን ወቐሳታት ኣብ ምቕራብ ኣብ ስእነት ሰናይ ምሕደራን ሕፅረት መሰረተ ልምዓት ዘድሃቡ እዮም። ይኹን ዳኣ እምበር እቶም ግጥምታት ክብሪታት ትግራይ ዝሽርሽሩ እዮም። ከም ሓድነት፣ ሰዓራይነት፣ ፀዋርነትን ኣኽባራይነት ዝመሰሉን ክብርታት ዝሽርሽሩ ኮይኖም ተረኺቦም  ሰባት ፍትሒ ጠሊቦም፣ ምምዝባል ኣማረሪዎም፣ ኲናት ኣንፀርጊርዎም ልምዓት ስኢኖም ንመንግስቲ ወቐሳታት ምሕፀንታን ለበዋን ዘቕርብሉ ኩነታት ዘለዎም ኮይኖም ተረኺቦም።

ኣብ መወዳእታ ከምዚኦም ዝበሉ ናይ ማሕበረሰብ ትርግታ ልቢ ዘርእዩ ግጥምታት ተኣኪቦም ክትንተኑን ክፅንዑን ክስነዱን ከም ኡእውን ኣብ ከይዲ ወቐሳ መንግሲቲ ትካል ኮነ ውልቀ ሰብ ክብርታት ትግራይ ብዝሕሉ መልክዑ ክኸውን ንዝምልከቶ ኣካላት እንተዝቐርቡ ዝብል ለበዋ ዝሃበ እዩ። እቶም ግጥምታት ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ጉዳያት ዘድሃቡ እዮም።ዋና ትሕዝትኦም ንመንግስቲ ትግራይን ኢትዮጵያን ማሕበረሰብ ዓለምን ወቐሳታት ኣብ ምቕራብ ኣብ ስእነት ሰናይ ምሕደራን ሕፅረት መሰረተ ልምዓት ዘድሃቡ እዮም። ሰባት ፍትሒ ጠሊቦም፣ ምምዝባል ኣማረሪዎም፣ ኲናት ኣንፀርጊረዎም ልምዓት ስኢኖም ንመንግስቲ ወቐሳታት ምሕፀንታን ለበዋን ዘቕርብሉ ኩነታት ዘለዎም ኮይኖም ተረኺቦም። ኣብ መወዳእታ ከምዚኦም ዝበሉ ናይ ማሕበረሰብ ትርግታ ልቢ ዘርእዩ ግጥምታት ተኣኪቦም ክትንተኑን ክፅንዑን ክስነዱን ንዝምልከቶ ኣካላት ክቐርቡን እንተዝግበር ዝብል ለበዋ ተዋሂቡ።

ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ መፅናዕቲ ክብርታት ትግራይ ስለ ዝፍትሽ ምስዚ መፅናዕቲ ይዛመድ።  ኣብ ግጥምታት ምትንታን ዘድሀበ ብምኳኑ ድማ ይፍለ። እዚ መፅናዕቲ ኣብ መምህሪ መፅሓፍ ዝቐረበን ብመንፅር ምስትምሃር ባህሊ ዝፍትሽ እንትከውን እቲ ናይ ሙሉ ብርሃን ግና ትሕዝቶን ኣቀራርባን እቶም ግጥምታት ብዓይኒ ክብርታት ትግራይ ዝርኢ እዩ።

# ምዕራፍ ሰለስተ
# ሜላ ኣፀናንዓ

## 3.1 ተፀናዕቲ

ተፀናዕቲ እዚ መፅናዕቲ ብሓፈሻ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ንምስትምሃር ቋንቋ ዝቐረቡ ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ዝሓዝዎም ክብርታት ትግራይ እዮም። እቶም ዝፅንዑ ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ እውን ኣብቲ መፅሓፍ ንምስትምሃር ክእለታት ምድማፅ፣ ምዝራብ፣ ንባብ፣ ፅሕፈትን ዝቐረቡ እዮም። እቲ መፅሓፍ ካልኦት ስነ-ፅሑፋት ብስነ ፅሑፋውነቶም ዝቐረቡ እውን ኣለዉ። ናይዚ መፅናዕቲ ትኹረት ኣብቶም ቋንቋ ንምስትምሃር ዝቐረቡ ስነ-ፅሑፋት ክብርታት ትግራይ ብመንፅር ምስትምሃር ባህሊ ምፍታሽ እዩ። በዚ ድማ እቲ መፅናዕቲ ዓይነታዊ እዩ።

እዞም ቋንቋ ንምስትምሃር ዝቐረቡ ስነ-ፅሑፍት ክንደይ ዝኣክል ንክብርታት ትግራይ ኣካቲቶሞም? እቶም ክብርታት ኣብቶም ስነ-ፅሑፋት ብኸመይ ቀሪቦም ኣመራርፅኦም እንታይ ይመስል ዝብሉ ነገራት ዝፍትሽ እዩ። ኣብ ኩሎም ምዕራፋት ዝቐረቡ ክብርታት ኩሎም ተፀናዕቲ እዮም። ብዕላማ መሰረት ስነ ፅሑፋዊ ስራሕቲ ዝሓዙ ገፅ ብገፅ ብምእራይ ዝተኻየደ መፅናዕቲ እዩ። እቶም ክብርታት ኣቀራርብኦም እንታይ ይመስል? ብኸመይ ከም ዝተገለፁን ዝፍትሽ መፅናዕቲ እዩ።

## 3.2 ኣወሳስዳ መርኣያ

ኣብ ሕድ ሕድ ምዕራፍ እቲ መፅሓፍ ዝቐረቡ ኮይኖም ኣብ ምዕራፍ 1፣11 ዘመን ፀበቐ ንኣድጊ ከፍኦ... ዝብል ስነ-ፅሑፍ፣ከምኡ እውን ኣብ ገፅ 25 ብዛዕባ ምስላታት ዝገልፅ ፅሑፍ፣ ኣብ ምዕራፍ 3፣45 ምሸት ምሸት መርዓ ዝብል ልበ ወለድ፣ ኣብ ምዕራፍ 4፣ ካብ 56 ክሳብ 65 ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ብዝብል ዝቐረበ ፅሑፍን ትንተናታት ውሱናት ስነ-ፅሑፋትን ዘካተተ፣ ከምኡ እውን ኣብዚ ምዕራፍ ኣብ ገፅ 58-68 ዝቐረቡ ስነ-ፅሑፋት፣ ከምኡ እውን ኣብ ምዕራፍ 5 ገፅ 81 ዝቐረበ ወግዒ ዝብል ምልልስ፣ ኣብ ምዕራፍ 7 ግጥምታት መሽረፈት፣ ርሑስ ቀብሪን ዝብሉን ከምኡውን ኣብዚ ምዕራፍ ኣብ ገፅ 116 ዝቐረቡ ግጥምታት ከምኡ እውን ኣብ ምዕራፍ 9 ስነ-ፅሑፍ ካብ 150-152 ኣብ ዝርከቡ ገፃት ዝርከቡ ስነ-ፅሑፋት ተፀናዕቲ እዮም። ብተመሳሳሊ ዝድመፅ ትሕዝቶ ኣብ ገፅ 53፣77፣109 ዝቐረቡ ብዛዕባ ገብረህይወት ባይከዳኝ ባህልና ዘይብሉ ልምዓት ኣይዕወትን ዝብሉ ሰነ-ፅሑፋት ተፀናዕቲ

እዮም። እዞም ፅሑፋት ዝተወሰዱ ኣብ ውሽጦም ክብርታት ትግራይ ዝሓዙ ስነ ፅሑፋት ስለ ዝኾኑ እዮም።

## 3.3 ሜላታት ኣተኣኻኽባ መረዳእታ

ኣብዚ መፅናዕቲ ኣብ ተግባር ዝወዓሉ መሳርሕታት መአከቢ መረዳእታ ፈተሻ ሰነድ እዩ። ብዳህሳስ ሰነድ መረዳእታ ተኣኪቡ። እዚ መፅናዕቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ቋንቋ ንምስትምሃር ዝቐረቡ ስነ-ፅሑፋት ብመንፅር ምክታትን ምግላፅን ክብርታት ትግራይ እዩ። እቶም ስነ-ፅሑፋት ገሊኦም ሌጣዊ ሰነ ፅሑፋት ኮይኖም ንምስትምሃር ክእለታት ምድማፅ፣ ዝርርብ፣ ንባብን ፅሕፋት ዝቐረቡ እዮም። ገሊኦም ድማ ግጥምታት ኮይኖም ንተመሳሳሊ ዕላማ ዝቐረቡ እዮም። እቲ ፈተሻ ዝካየድ ኣብ ትሕዝቶ እቶም ስነ ፅሑፋትን ዘካተትዎም ክብርታት ትግራይን ከምኡ እውን ኣቀራርብኦምን ኣገላልፅኦምን ብምኻኑ ነቶም ስነ ፅሑፋት መሰረት ገይሮም ዝቐረቡ ንጥፈታት እውን ብተመሳሳሊ መንገዲ ተፈቲሾም እዮም። እዚ ብሜላ ዕሉም ሕርያ መረዳእታ ዝተገበረ እዩ።

## 3.4 ሜላ ኣተገባብራ መፅናዕቲ

ፈለማ እቶም ንመፅናዕቲ ዝተሓረዩ ስነ-ፅሑፍ ብምንባብ ተፈልዮም። ብምቕፃል እቶም ዝተፈላለዩ ፅሑፋት ነዞም ኣብ 3.5 ዝተዘርዘሩ ክብርታት ትግራይ ዘካተቱ ምኻኖምን ትሕዝትኦምን ብምንፅፃር ተፈቲሾም። ብምቕፃል ክብርታት ትግራይ ኣብዞም ቋንቋ ንምስትምሃር ዝቐረቡ ስነ-ፅሑፋት ብኸመይ ከም ዝተቐረፁን ከም ዝተገለፁን ብመንፅር እቶም ዝተዳለዉ መገምገሚ ክብርታት ትግራ ተተንቲኖም።

## 3.5 ሜላ ኣተናትናን መረዳእታ

እቶም ብፈተሻ ሰነድ ዝተረኸቡ መረዳእታታት ብዓይነታዊ ኣተናትና ተተንቲኖም። ፈለማ ኣብቶም ስነ-ፅሑፋት ዝተኻተቱ ክብርታት ትግራይ ተፈልዮም ከከም ኣቀራርበኦም ተፈትሾም። እቶም ክብርታት ብኸመይ ኣገባብ ቀሪቦም እወንታዊ ብዝኾነ ኣገባብ ድዩ ወይስ ካሊእ መልክዕ ሒዞም ዝብሉ ሕቶታት ብመንፅር እቶም ዝተዘርዘሩ ክብርታት ትግራይ ትሕዝተኦምን ኣቀራርበኦምን ዝቐረቡሉ መንገዲ ተራእዩ። እቶም ዝተፈተሹ ክብሪታት ትግራይ፦ መሃዛይነት፣ ተበጃውነት፣ ሓቛፋይነት፣ ፀዋርነት፣ ኢጋያሻይነት፣ ተበላሓታይነት፣ ኣማናይነት፣ ፃዓራይነት፣ ኣብ ነፃነት ዝኣምን፣ ማዕርነት፣ ፍትሓውነት፣ ኣፍቃራይነት፣ ኣሳናይነት፣ ኒሕን ሓቦን፣ ፍልስፍናን ምኽንያታውነትን፣ ሓርበኛነትን ጅግንነትን፣

ተወፋይነትን ተበጃውነትን፣ ቤተሰባውነት፣ ሓድነትን ሓቛፍነትን ተቐባልነትን ጋሻ፣ ፀዋርነትን ሰዓራነትን፣ ፍትሓውነትን ርትዓውነትን፣ ልፍንታውነትን ሓድነትን፣ ዓርሰ ምርኮሳን ዓርሰ እምነትን፣ ሕድገት፣ መሃዛይነትን ወናንነትን እዮም።

እዞም ክብሪታት ትግራይ ኣብቲ መፅሓፍ ንምስትምሃር ዝተፈላለዩ ክእለታት ቋንቋ ዝቐረቡ ምዃኖም ይፍለጥ። ይኹን እምበር ኣብ ውሽጦም ብስውር ዝሓዝዎም ክብርታት ትግራይ ብዳህሳስ ምፍታሽ፣ ዝቐረቡሎም ዓውድታት ብምድህሳስ ረብሓታቶምን ኣብ ምስትምሃር ባህሊ ትግራይ ዘለዎም ግደን ብዓይነታዊ ሜላ ኣተናትና ብገለፅቲ ቃላትን ሓረጋትን ተተንቲኖም ቀሪቦም። እቲ ካልኣይ ተግባር እዞም ክብረታት ብከመይ ቀሪቦም ብመንፅር ሙጡንነት፣. ዘይምኽንያታዊ ፅልእን ኣድልዎን ዘወገደ ኣቀራርባ፣ (ማዕረ ውክልና)፣ ተተግባራይነት እቲ ኣቀራርባ ክትግበር ብዝኽእል መንገዲ ክኸውን ኣለዎ። ግልፅነት፣ ኅዳእቲ ልምድታት ብዝነቅፍ መንገዲ፣ ኣብ ስብእናን ስነ ምግባርን ብዝሃንፅ ኣገባብ  ዝቐረቡ ድዮም ዝብሉ እዮም። እቶም መጥለሊ ነጥብታት ድማ ኣብ ሓደ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ክካተቱ ይግበኦም ተባሂለም ብምሁራን ዝእመነሎም ብቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ኣብ ምድላው መፅሓፍቲ ክካተቱ ተባሂሎም ካብ ዝተዘርዘሩ ነጥቢታት ክብርታት ውሱን ምምዕርራያት ተገይርሎም ዝተወሰዱ እዮም። ኣብ መጥለሊ ነጥብታት ዝተቐመጡ ነጥብታትን ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይን ዘለዉ ነገራት ብምንፅፃር ትንተና ተኻይዱ።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ
# ኣቀራርባን ትንተናን መረዳእታ

## 4.1 ኣመራርፃን ኣቀራርባን ክብርታት ትግራይ

## 1. ሕብረት፣ሓልዮት፣ምክብባር፣ፍቕሪ ኣዶን ዝምልከት

ኣብ ምዕራፍ ሓደ ኣብ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ዘድሃቡ ምስላታት ቀሪቦም ኣለዉ። ፈለማ እቶም ምስላታት ክነቕርብ ቀዒልና ድማ ኣብ ኣመራርፆኦምን ኣቀራርብኦምን ትንተና ክነስዕብ ኢና። እዞም ምስላታት በዚ ዝስዕብ መምርሒ ተሰንዮም ዝቐረቡ እዮም። "ብመሰረት ተዋሂቡኩም ዘሎ ኣብነት ነዞም ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ምስላታት ዝተፈጠርሉ ኩነታት ተንቲንኩም ፀሓፉ።"

ንኣብነት ተባሂሉ ተተንቲኑ ዝቐረበ "ዘመን ፀበቐ ንኣድጊ ከፍኦ ዘመን ሓመቐ ንኣድጊ ከፍኦ" ኣድጊ ኣብ ኣዝመራ ብዙሕ ምህርቲ ስለ ዝርከብ ንመጓዓዐዚ ብዙሕ ይፅዓን እሞ ይኸፍኦ። ብተመሳሳሊ መንገዲ ኣብ ሕማቕ ግዜ እኽሊ ሰለ ዝስኣን ኣብ ልዕሊ ጥምየቱ ካብ ርሑቕ እኽሊ ይሸኮም እሞ ይኸፍኦ። በዚ መንገዲ ናይ ዘመን ምሕማቕን ምፅባቕን ንኣድጊ ለውጢ ስለ ዘይብሉ "ዘመን ፀበቐ ንኣድጊ ከፍኦ ዘመን ሓመቐ ንኣድጊ ከፍኦ" ይብሃል። እዚ ትንተና ባዕሉ ኣድጊ ንማሕበረሰብ ትግራይ ዝህቦ ግልጋሎት ዝለዓለ ምዃኑ ዘረድእ እዩ። ስለዚ ኣድጊ ንእትህቦ ግልጋሎት ወቐሳ ጥራሕ ዘይኮነስ ክብሪ እውን ከም ዝግባኣን ማሕበረሰብ ትግራይ ነዚ ከም ዝርዳእን ዝገልፅ ሓደ ካብቶም ክብርታት ትግራይ እዩ። እዚ ተንተኒ ዝኾነ ኣቀራርባ ተምሃሮ ብክብርታቶም ኣቢሎም ባህሎም ክርድኡ ዝገብር ፅቡቕ ኣቀራርባ እዩ።
ብተምሃሮ ክትንተኑ ዝቐረቡ ሓሙሽተ ምስላታት ድማ ዝስዕቡ እዮም።

1. ተሓሳማያ ጓሳስ ምስሑ ዝነበረ ድራሩ
2. ኣቦይን እነይን ፀሎቶም ነንበይኑ
3. ብተመንያ ዝሃደመስ ብልሕዚ ተዳህለ
4. ሞይትካ ዝቐብረካ ሓሚምካ ተዓዘቦ
5. ሰበይትኻ እትብሎ ይግበረልካ፤ ኣዴኻ እትብሎንከ ኣይግበረልካ

ትሑዝያ ገዲፋስ ስቑል ተማዓዱ ዝብል ምስላ ምስ ብዙሓት ባህሊ ትግራይ ክትኣሳሳር ዝኽእል እዩ። እዚ ኣዴኣያ ገዲፋስ ሓትናኣ ትናፍቕ ምስ ዝብል ምስላ ክትኣሳሰር ዝኽእል እዩ። እዚ ከም ባህሊ ተጋሩ ዝርአ ኮይኑ ብዙሕ ግዜ ዋጋ እንተኸፍለና ዝርአን ሸለል እናተባህለ ዝመፀን እዩ። እዚ ንንባዕልኻ ዘይምክብባርን ምንፅዓቕን ንናይ ደገ ፀላእቲ መእተዊ በሪ እንትኸፍት

ይርአ። እዚ ንምርዳእ ትግራይ ሕዚ ዘለትሉ ኩነታት ምግንዛብ እኹል ይመስል። እዚ ዘኹርዕ ክብሪን ባህሊን እዩ እኳ እንተዘይተባህለ ብመምሃራይነቱ ክውሰድ ዝግቦኦን ዋጋ ምክብባርን እንታይ ምኳኑ ዘረድእን እዩ።

እዚ ኣብ ቁፅሪ ተራ ሓደ ዝቐረበ ምስላ ወላ እኻ ክብሪ ትግራይ እዩ ተባሂሉ ብዘኹርዕ መንገዲ ዝቐረብ ኣይኹን ዝረኸብካዮ እናተጠቐምካ ንካሊእ ዝበለፀ ረብሓ ምሕታታት ብሉፅነት ምኳኑ ዘረድእ እዩ። "ኣቦይን እነይን ፀሎቶም ነንበይኑ" እዚ እውን ዝኾነ ስራሕ ተመኻኺርካን ተሓባቢርካን ምስራሕ ከም ዘድሊ ዘረድእ እዩ። ተዘተኻን ተስማፅሚዕኻን ምስራሕ ክብሪ ትግራይ እዩ። እዚ ኣብዚ ሕዚ እውን ዝሽርሽር ዘሎ ይመስል። ምኽንያቱ ኣብ ተጋሩ ሓደ ሓደ ዘይምስምዕማዓት ይርአ ስለ ዘሎ። "ሞይትካ ዝቐብረካ ሓሚምካ ተዓዘቦ" ዝብል እውን ፈታዊን ፀላኢን ብትፅዝብቲ ዝፍለ ምኳኑ ዘረድእ እዩ። ፈታዊን ፀላኢን ምፍላይ ኣገደሲ ነገር እኳ እንተኾነ ብደረጃ ሕብረተሰብ ተጋሩ ፈታዊናን ፀላኢናን ነፂርና ንፈልጥ ዶ ዝብል ሕቶ ዘልዕል ጉዳይ ይመስል።

"ሰበይትኻ እትብሎ ይግበረልካ፤ ኣዴኻ እትብሎንከ ኣይግበረልካ" ዝብል ህዝቢ ትግራይ ንኣዶ ዘለዎ ሓለፋ ዘረድእ እዩ። ኣዶ ንውላዳ ሓለፋ ከም ዘለዋ ዘረድእን ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ነገር ተኣማኒት ከም ዝኾነት ዘረድእ እዩ። ኣዶ ካብ ሓልዮት ዝተበገሰ ንውላዳ ሕማቕ ዶኾን የጋጥሞ እንዳበለት ልዕሊ በዓልቲ ቤቱ እትጭነቕ ምኳና ዝገልፅ እዩ።

## 2. ጅግንነት፣ ዘይተምበርካኽነት፣ ተቓላሳይነት ዝምልክት

ኣብዚ ዝቐረበ ስነ-ፅሑፍ ገምጋም ምሸት ምሸት መርዓ ዝብል ሓፂር ልበ ወለድ እዩ። ነዛ ልበ ወለድ መሰረት ገይሩ ዝቐረበ ሂስ  ኣሎ። ቀፂሉ ነዚ ከም መበገሲ ገይሩ ተምሃሮ ካሊእ ዝፈልጥዎ ልበ-ወለድ ክትንትኑ ዝእዝዝ መምርሒ እውን ኣሎ።

እቲ ንገምጋም ዝቐረበ ምሸት ምሸት መርዓ ትብል በዓልቲ 48 ገፅ መፅሓፍ ልበ-ወለድ "መድሐርሐርቲ" ስርዓታት ኣብ ህዝቢ ትግራይን መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያን ዘስዕብዎ ዝነበሩ በደልን ግፍዒን ዝገልፅ እዩ። ገባር ትግራይ ብስሪት መሬትን ኣከፋፍላ ግብሪን ሰንሰን ስለ ዘበልዎ መሬት ንሓራሲኡን ካልኦትን ዝብሉ ጭርሖታት እናሓዘ ተቓውሞታቱ ይገልፅ ከም ዝነበረ እተርድእ ልበ ወለድ እያ። እዛ ልበወለድ ቋንቋ፣ ስነ-ፅሑፍን ትሕዝቶን መሰረት ዝገበረ ሂስ ዝተገበረላ እንትኸውን ምስ ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ኣታኣሳሲርና እንትርኢ ኣየናይ ክብሪ ትግራይ ተርኢ ከመይ ንምስትምሃር ባህሊ ቀሪባ ዝብል እዩ ዝኸውን።

እታ ልበ-ወለድ ኮነ እቲ ዝተገበረላ ትንተና ናይ ህዝቢ ትግራይ ወፅዓ ኣቅበልን በሃላይነት፣ ዘይተምበርካኽነትን ተቓላሳይነትን ክብሪታት ትግራይ ዝሓዘት እዩ። ስለዚ ኣመራርፃ እታ ልበ-ወለድ ክብርታት ትግራይ እተንፀባርቕ ስለ ዝኾነት ዝድገፍ እዩ። እዞም ክብሪታት ትግራይ ከም ናይ ትግራይ ባህሊ ተቆፂሮም ዝውሰዱ ስለዝኾኑ ኣብ ክሊ ትምህርቲ ቋንቋ ንምስትምሃር ባህሊ ትግራይ ዝሕግዝ እዩ። እቲ ኣቀራርባ እውን ትሕዝቶ እታ ልበ ወለድን ዝተፃሕፈትሉ ዕላማን ተንቲኑ ዘቕረበ ስለ ዝኾነ ተምሃሮ ንቶም ክብርታት ትግራይ ዝይዳ ክርድእዎምን ምስ ባህሎም ኣታኣሳሲሮም ክርድእዎምን ዝገብር ስለ ዝኾነ ዝድገፍ እዩ።

እዞም ክብርታት ትግራይ ናይ ትግራይ ክብርታት እዮም ተባሂሎም ተነፂሮም ዝቐረቡ ዘይኮነስ ኣብቲ ልበ ወለድ ብስውር ዝኣተዉ እዮም። እዚ ናይ ስነ-ፅሑፍ ባህሪ ስለ ዝኾነ ተምሃሮ ብምርምር ክረኽብዎም ዝኽእሉ ምስ ባህሎም ኣዛሚዶም ክመሃርሎም ዝግብኡን እዮም። ተምሃሮ ቋንቋ እናተመሃሩ እግረ መንገዶም ባህሎምን ክብርታቶም ክፈልጡን ፈሊጦም ክዕቅቡን ይሕግዝዎም። እቲ ዝተገበረ ትንተና እውን ተምሃሮ ክብርታት ወለዶም ክፈልጡ ዝገብርን ምስ ባህሎም ኣዛሚዶም ክርእዩዎም ዝገብር እዩ። ብካሊእ ኣገላልፃ እቲ ስነ ፅሑፍ ንምስትምሃር ባህሊ ሓጋዛይ ኮይኑ ቀሪቡ ኣሎ። በዚ መዳይ እንትርአ እዛ ኣብ ምዕራፍ ሰለስተ ዝቐረበት ገምጋም ዝተገበረላ ምሸት ምሸት መርዓ እትብል ልበ ወለድ ብኣመራርፃኣን ኣቀራርብኣን እትድገፍ ኮይና ተረኺባ ኣላ።

## 3. ጅግንነት፣ ቁጥዕነት፣ ተበጃውነት፣ በህላዊ ናውቲ ዝምልከት

ኣብዚ ምዕራፍ ኣብ ገፅ 58-68 ተተንቲኖም ዝቐረቡ ግጥምታት ኣለዉ። እዞም ግጥምታት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

ወትሩ እማ ሞት እንታይ ኢሉ ይቐሪ
እቲ ወደይ ግና ወዲ ሓራስ ነብሪ
ሓመድ ኣዳም ኣትዩዎ ብኽብሪ
ሞት ኣይብሎን ዘልኣለም ነባሪ
ሓወልቲ ተኺሉ ኣብ ልዕሊ ምድሪ። (ካብ ዜማዊ ግጥሚ ዓስበይ ዝተወሰደ)

ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ግጥሚ ገለ ክብርታት ትግራይ ዝሓዘ እዩ። ተለላ ክልተ፦"እቲ ወደይ ግና ወዲ ሓራስ ነብሪ" ኣብ ዝብል እቲ ወደይ ዝብሃል ዘሎ ንህዝቢ ትግራይ እዩ። "ወዲ ሓራስ ነብሪ" እንትብል እውን ንቲ ወደ ህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ተጋዳላይ ትግራይ እዩ። ወዲ ሓራስ ነብሪ እንትብሃል ህዝቢ ትግራይ ንዘይበደሎ ዕጉስ፣ ንዘይበደሎ ዘይብድልን ትዕግስተኛ

ምኺኑን ይገልፅ። ንዝበዶሎ ግና ከም ሓራስ ነብሪ ቁጥዕ ከም ዝኾነ ዝገልፅ እዩ። በዚ ድማ እዚ ኣመራርፃ ስነ ፅሑፍ ዘይተምበርካኽነት፣ ፍትሓዊነት፣ ርትዓዊነት ዝብሉ ክብርታት ዝሓዘ እዩ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ክብርታት ትግራይ ኣብ ውሽጢ ባህሊ ትግራይ ዝካተቱ እዮም። ብምኺኑ ድማ እግረ መንገዶም ንምስትምሃር ባህሊ ይጠቕሙ። ተለላ ሰለስተ "ሓመድ ኣዳም ኣትዩዎ ብኽብረ" ተጋዳላይ ትግራይ ተራ ሞት ዘይኮነስ ምእንተ ነፃነት ዝተሰወአ ምኺኑ ይሕብር። እዚ ተበጃውነት ንዝብሃል ክብሪ ትግራይ ዝገልፅ እዩ። ምእንተ ናይ ብዙሓት ረብሓ መስዋእቲ ምኽፋል። "ሓወልቲ ተኺሉ ኣብ ልዕሊ ምድሪ" እንትብል ድማ ህዝቢ ትግራይ ህያው ታሪኽ ዝሰርሐ ምኺኑ ይገልፅ። ታሪኽ ምስራሕ ናይ ህዝቢ ትግራይ ክብሪ ወይ ባህሊ ምኺኑ ድማ ይፍለጥ። እዚ ኣመረርፃን ኣቀራርባን ክብርታት ትግራይ ኣብቲ መፅሓፍ ብመንፅር ምንፅብራቕ ክብርታትን ባህሊን ትግራይ ዝድግፍ ኮይኑ ተረኺቡ።

ታተ ኢለ ኣንፋሒኺ... ብርኪ ሓፂን ተባሂለ ተሪረ
ስነይ ሸሪፈ መንፈሳዊ ኣቦጊዳ ሀ...ለ... ቆፂረ
ጉቡዝ ኢለ ምስ ውሩዉራይ በትረይ ኣያ ናቕላ
ኅቦ ሓርያ ኮይኑ ኣብኩዓየ ኣብኩዓየ
ርእስኽን ከትነኹዓየ
ሓወርያየ ሓወርያየ
ንዒ ትብለኪ ኣላ ቡኳርያየ
እናበልኩ ሕባሻይ ሒዘ...

እዚ ግጥሚ ኩሉ ጊዜ ሓምለ ሓሙሽተ ንዝኽበር በዓል ሓወርያ መሰረት ገይሮም ዝቐርቡ ስነ-ቃላት ዝሓዘ እዩ። ኣብዚ ስነ ቃል ከም በትሪ፣ ሕንባሻ (ባህላዊ ምግቢ) ተገሊፆም ኣለዉ። እዚኦም ንምስትምሃር ባህሊ ትግራይ ዝሕግዝ እዩ። እቲ በትሪ፣ ሕንባሻ፣ ጭጉራፍ ቁሳዊ ባህሊ እንትኾውን እቲ እምነቱን ሕብረተሰብ ዝረኽቦ መንፈሳዊ ፅግበትን ድማ መንፈሳዊ ባህሊ እዩ። ስለዝኾነ እዚ ኣቀራርባ ስነ ፅሑፍ ብመልክዕ ግጥሚ ቀሪቡ ተምሃሮ እግረ መንገዶም ባህሎም ክፈልጡን ክዕቅቡን ኣብ ምግባር እወንታዊ ግደ ክፃወት ዝኽእል እዩ።

"ኣረን ጓዴ ብጫ ቀይ" በትሪ ረዳት ፖሊስ ፈሪሔ
ረብሻ እንትኾን ዓመፅ ተምሃሮ
ዝሃድመሉ ዘዕልለሉ ዝነበርኩ ሰብ

ወዮ መፅኒዒና ወዮ እንዳድላይና ወዮ እንዳስላሰ
ካምቦ እዩ ኾይኑ መዋፈሪ
ናታቶም ናይቶም ሰብ ጊዜ መዕደሪ
ናይ ናተይስ ይፅናሕዋ----
መሬት ዋልካ ገደናና---
 እንታይ ከም ዘሕልፈኪ ተናገሪ

"ኣረን ጓዴ ብጫ ቀይ" በትሪ ረዳት ፖሊስ ፈሪሑ" ዝብል ተለላ ናይ ኣትዮጵያ ባንዴራ ዝገልፅን መንግስቲ ኢትዮጵያ ንተጋሩ ዝቕጥቕጥ ምንባሩን ዝገልፅ እዩ። ወታሃደራት ደርጊ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዘብፅሕዎ ዝነበረ በደል ዝገልፅ እዩ። ናይ ናፅነት ተቓላሳይ ኣብ ሓራ መሬት ትግራይ ኮይኑ ወታሃዳራት ደርጊ ኣብ መቐለ እናፈፀሙዎ ንዝነበረ ግፍዒ ዘርኢ እዩ። እቲ ፀሓፋይ ተቓላሳይ ኮይኑ ኣንፃር እዚ ኩሉ ግፍዒ ዝቓለስ ምንባሩን ዘይተምበርከኸ ምኳኑን ዝገልፅ እዩ። እዚ ንዘይተምበርካኽነት ክብሪ ትግራይ ዝገልፅ እዩ።

እዚ ብርኪ ግጥሚ በቲ ሓደ ገፅ ስርዓት ደረጊ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ዝፍጥሮ ዝነበረ ራዕዲ፣ በደልን ማሕበራዊ ቅልውላውን እንትገልፅ እቲ ኣነ እነበለ ዝትርኽ ገፀ ባህሪ ባዕሉ ናይቲ ዝበፅሕ ዝነበረ ማሕበራዊ ቅልውላው ተኸፋልን ኣንፃር ዝኾሉ በደልን ዝቓልስ ዘሎ ምኳኑ ዘርድእ ዝቃለስ ዘሎን ምኳኑ ዘረድእ እዩ። እዚ ድማ ወፅዓ ዘይተቐባልነት ክብሪ ህዝቢ ትግራይ ዘረድእ እዩ።

**ስምዒስቲ መቐለ**
ሆሳእና ሰላማዊት ቦታ
ናይ ሰብ ስድራ ስፍራ
ድምፂ ሰገናታ ተዋሒጡ
ሰላማዊነታ ተገልቢጡ
ማእኸል መግረፍቲ ማእኸል ስቅያት
ማእኸል ብኽያት
በዓቲ ኣውያት ንብዓት
ኣረሜናዊት ስፍራ።

ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ክፋል ግጥሚ ግፍዐኛታት፣ ትምክሕተኛታትን፣ ወረርርትን ጎበጥትን ኣብ ህዝቢ መቐለ ዘብፅሕዎ ዝነበረ ግፍዒ ዝገልፅ እዩ። እዞም ሓይልታት ንተጋሩ ምጭፍጫፍ

ባህሎም ከም ዝኾነ ዘርዳእ እዩ። እዚ ኣቀራርባ ኣፖስትሮፌ ዘይቤ ብምጥቃም ንመቐለ ከም እትሰምዮን ከም እትምልሰሉን ብምቑፃር ኣብ ህዝቢ ከተማ መቐለ ዝበዝፅሕ ዝነበረ ወፅዓ ይዝርዝር። እዚ ታሪኽ ኣብ ምዕቃብ ናይ ባዕሉ ግደ ኣለዎ። ታሪኽ ምዕቃብ ድማ ንምዕቃብ ባህሊ እወንታዊ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ።

ሓ... ጋማ ሓርነት ክለብሱ
ሰዲርና እንትን መፅእ ናብካርሽለኺ
ንዘይእመን ሰብ ኣሚንኪ
ንኦፕሬሽን ኣግኣዚ ተተታዓናቕፊ ነይርኪ
ዓደይ ኣይንበልኩኹን ነይረ መልግብ መድሓንተይ
ንተቓያየምና ነይርና ክሳብ ዕለተ መስዋእተይ።

"ሓ... ጋማ ሓርነት ክለብሱ እንትብል ንናፅነት ዝቃለሱ ተጋደልቲ ትግራይ ዝምልከት እዩ። ምሉእ ትሕዝቶ እቲ ግጥሚ እንትፍተሽ ኣብ መቐለ ንልዕሊ ሓደ ሽሕ እሱራት ዘፍትሑ ዕዉት ኦፕሬሽን ኣግኣዚ ዝገልፅ እዩ። እዚ ተቓለስቲ ትግራይ ዝነበሮም ሓይሊ፣ ጥበብ፣ ዘይተምበርካኽነት ዘርኢ እዩ። ካብዚ ግጥሚ ብስውር ዝቐረቡ ተበላሓይነት፣ ፀዋርነት፣ ተዓዋታይነት ዝብሉ ክብሪታት ትግራይ እዮም። ምስ ዝኾነ ታሪኻዊ ኣጋጠሚ ብምትእስሳር ድማ ቀሪቦም ኣለዉ። ምስ እዚ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ተኣሳሲሮም ምቕራቦም ናይ እማን ክብርታት ትገራይ ምኺኖም የረጋግፅ። ተምሃሮ ድማ ምስቲ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ኣታኣሳሲሮም ነዞም ክብርታት ትግራይ ክፈልጥዎም፣ ክርድእዎምን ክቕበሉዎምን ዝገብር እዩ።

"ንዘይእመን ሰብ ኣሚንኪ፤ ንኦፕሬሽን ኣግኣዚ ተተታዓናቕፊ ነይርኪ... ዝብል ድማ ኣብ መቐለ ዕዉት ኦፕሬሽን ማለት ወፍሪ ከም ዝተኻየደን ንናፅነት ዝቃለሱ ዝነበሩ ተጋሩ ከም ዝተዓወቱን ዘርድእ እዩ። ሰዓራይነት ክብሪ ህዝቢ ትግራይ እዩ። እዚ ክብሪ እዚ ትግራይ ኣብ ሙቁር ግጥሚን ዜማን ከም እውን ኣብ ክዉን ታራኻዊ ኣጋጣሚ ዝቐረበን እዩ። እዚ ንምስትምሃር ባህልና ዝጠቅም ኣመራርፃን ኣቀራርባን ክብርታት ትግራይ ዝናኣድ እዩ።
ቀፂሉ ድማ ካብ ሙዚቃዊ ድራማ "ብደንጎላ ኮሎኔል ማራኺ" ዝተወሰደ ግጥሚ ቀሪቡ ኣሎ።

በዓል ወነ ሕንጊድ በዓል ኣመል
በዓል ዋልታ በዓል ድርብ ሽቶል
ፈላዪ ጅማት ኣንጉዕ መምከኺ
ብደንጎላ ከሎኔል ማራኺ...

ኣብዚ ግጥሚ ቁሳዊ ባህሊ ትግራይ ዝኾነ ነገራት ዝሓዘ እዩ። ንሳቶም እውን ዋልታን ሽቶልን እዮም። እዚ ኣመራርፃ ንምስትምሃር ባህሊ ዝሕግዝ እዩ። እቲ ተበላሓይነትን ሰዓራይነት ዝብል ክብሪ ትግራይ ጎሊሁ ቀሪቡ ኣሎ። ነዚ እውን ብደንጎላ ክሎኔል ማራኺ.... ብዝብል ኣገላልፃ ቀሪቡ ኣሎ። ተበላሓይነት ተጋሩ ምስ ክውንነት ብምዝማድ እንትግለፅ ደማ ዘያዳ ጎሊሁ ቀሪቡ ኣሎ። በዚ ድማ እዚ ኣመራርፃ ዝድገፍ እዩ። ብደንጎላ ኮሎኔል ማራኺ እንትብሃል ተጋሩ ንሓደ ውግእ ኣብ ምዕዋት ተበላሕቲን ሰዓርትን ምኳኖም ዘረድእ እዩ።

## 4. ጋሻ ተቐባላይነት፣ ሰብ ኣክባራይነት፣ ናይ ስራሕ ባህሊ፣ፍትሓዊነት ዝምልከት

እዚ ትሕዝቶ ኣብ መንጎ ክልተ ሰባት ኣበባን ኣዜብን ዝተገበረ ወግዒ ዝሓዙ እዩ። እቲ ወግዒ ነዚ ዝስዕብ ይመስል።

ኣበባ፦ ኣትን መሓዛይ እቲ ወድኽን ክንደይ ድዩ ገይሩ? ኣይ ሸሞንተ ወርሑ እንድዩ?

ኣዜብ፦ ሻሙናይ ወርሑ ሒዙ ከመይ ሓቲትክኒ?

ኣበባ፦ ዋላ ኮይንክን እዘ ጥቡኩን ጥራሕ ወቲፍክናሉ ክትውዕላ? ተወሳኺ ምግቢ እንዶ ኣይትህብኦን?

ኣዜብ፦ እዛ ጡብይ ለሚዱስ፣ ሓረስታይ ዘፍረዮ እኽሊ ንዛ ንኣፉ ልኽፍ ኣየብለለይን።

ኣበባ፦ ዳነይ ኣይትጋገያ ቆልዓ ሽዱሽተ ወርሒ አንተገይሩ ፀባ ጥቡ በይኑ ማእገርኣይኾነን። በላ ዳኣ ገዓት ብፀባ ኣለሰልስ ኣቢልክን፣ ኣሕምልቲ ወሲኽክን ሃብኦ። ትፈልጣ ወለድና ዝበልዐ መንዐ ዶ በሉ? ወድኽን ኣቢድክን መግባ። እዛ ከብዱ ምልእ እንትትብለሉ ትርንዕ ክብለልክን እዩ። ብኡኡ ኣቢሉ ድማ ብሩህ ኣእምሮ ክህልዎ እዩ።

ኣዜብ፦ እዚ ኩሉ እንታዳነይ ክገብር ሓሲቦዮ እንትበኪ ምእንቲ ስቕ ክብለለይ ነዛ ጡብይ እየዝውትፈሉ ነይረ። "ዘረባ ሓውካ ብደውካ" ዶ በሉ ካብዛ ሰዓት ጀሚረ ክሽን ኣቢለ ክህቦ እየ። እንታይ ከ እየ ኣብዛ ደገ ብደረቑ ደው ኣቢለክን ኣይልበይ እንድዩ ኣጥፌኡለይ እተዋ ቡን ከፍልሕ።... ትንተና ይቕፅል።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ዛዕባ ከም ልምዲ ተታሒዙ ዝፀንሓ ንኣመጋግባን ክንክንን ቆልዑ ዘርድእ እዩ። እዚ ንቆልዑ ተገዲስካ ዘይ ምምጋብ ከም ባህሊ ትግራይ እኳ እንተዘይተወስደ ሳኣን ትምህርትን ግንዘበ ሕብረተሰብ ዘይ ምዕባይን ዝርአ ጉዳይ እዩ። እዚ ክመሓየሽ ዝግበኦ ባህሊ ትግራይ ተወሲዱ እወንታዊ ብዝኾነ ኣገባብ ዝቐረበ እዩ። ኣብቲ ምልልስ ሓንቲ ክንክን ቆልዓ ዝተረድኣ ኮይና ንሓንቲ ዘይተረድኣ ኣዶ እትርድኣሉ ኩነታት ክፍጠር ብምግባር ዝቀረበ እዩ። ኣብ መሬት ዘሎ ሓቅን ክውንን ስለ ዝኾነ ድማ መምሃራይነቱ ዝዓዘዘ እዩ። እዚ

ኩነታት ሕዚ ሕዚ እናተመሓየሸ ዝመፅእ ዘሎኩነታት ይመስል። ስኣን ቀረብ እንተዘይኮይኑ ንህፃናት ዝግበር ክንክን ኣድላዪ ከም ዝኾነ ዝግንዘብ ትግራዋይ ቡዙሕ እዩ።

ኣብዚ ኣበሃህላ "ዘረባ ሓውካ ብደውካ" ዝብል ናይ ተጋሩ ኣበሃህላ እውን ኣሎ። እዚ ናይ ሓውካ ምኽሪ፣ ሓገዝንን ብህይወትካ እንዳሃለካ ክቅበሎ ዝግበኣካን ምኳኑን ዝገልፅ ክብሪ ትግራይ እዩ። እዚ ነንባዕልና ክንደማመፅ ዝግበእና ምኳኑ ዘገንዝብ ባህሊ ትግራይ እዩ። እዚ ኣቀራርባ ነቲ ሳይንሳዊ ትሕዝቶ ሰነ ቃላዊ ብዝኾነ ሰሓቢ ኣቀራርባ ምቕራቡ ንምስትምሃር ባህልን ክብርታት ትግራይ ዝሕግዝ እዩ።

## 5. ተኣማንነት፣ ጥንኩር ናይ ስራሕ ባህሊ፣ ፀገም ተፀዋራይነት ዝምልከት

*መሸረፊት*

*ፈሓም ኮይና... ዘይትተክኽ ዘይትናኽስ*
*ሳዕሪ ከይና ዘይትቃፀል...ኣይትርምተት ኣይትፍርከስ*
*ጥረ ከይና ዘይትበስል... ዘይትቁረስ ኮይና ጣይታ*
*ኣንበድቢዳ እጉድ ሓዊ... ፅኑዕ... ትሕዝ ባይታ።*
*መሸረፊት...*
*ክሳብ መዓዝ ክተላግፅ... ወሰን ሒዛ ክተንበድብድ*
*ክሳብ መዓዝ ክተባጭው... ባርዕ ሓዊ ክተጋድድ*
*ተደጒሉ ዝሓደረ...ምስ ፈሓመ ምስ ነደደ*
*ግድን እዩ ዘይተርፍ... ክግልበጣ ዝገደደ። ግርማይ* (1993)

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ግጥሚ ስነ-ፅሑፍ ምስ እዚ ሓቂን ሕሶትን ነገራት ይትሓሓዝ እዩ። ተጋሩ ንሓቂ ይድግፉ። ሓቀኛ ተፈታዊ እዩ። መውስቦ እንትሕተቱ እኳ ሓቀኛታት ድዮም ናታቶም ዝበልዑ ድዮም ይብሃል። ሓሳዊ ንግዚኡ ክሳብ ዝፍለጥ ክጥቀምን ሰባት ክባኣስን ይኽእል እዩ። ውዒሉ ሓዲሩ ምፍላጡ ኣይተርፎን። ድሕሪኡ ይፎኹስ ይፅላእ እቲ መዘዝ እውን ናብቲ ሓሳዊ ይግልበጥ። ንሕሶት ምፅላእ ናይ ተጋሩ ምኳኑ የርድኣና። ብደረጃ ውልቀ ስብ ክንፀባረቕ ንዝኽእል ባህሪ ሕሶት ዝገልፅ እዩ። ከም ውልቀ ባህርያት ውሑዳት ሰባት ኣብ ትግራይ እውን ዝርአ እዩ። ይኹን እምበር ንባህሊ ተጋሩ ዝገልፅ ኣይኮነን። ትሕዝቶ እዚ ግጥሚ እንታይ ከም ዝመስል ተረድእዎ ዝብል ኣቀራርባ ድማ ተምሃሮ ንግጥሚ ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ባህሎም ዘዕቢ ስለ ዝኾነ ዝድገፍ ኣቀራርባ እዩ። እዚ ኣቀራርባ ንምስትምሃር ባህሊ ዝድገፍ እዩ። እዚ ዝስዕብ ካሊእ ግጥሚ ንርአ።

**ርሑስ ቀብሪ**

ጨጉርኻ ላፂኻ ተኸዲንካ ፀሊም

ነፀላ ደፊኢኻ ከም ወዮ ናይ ቀደም

መሰነይታ ሓዘን ከብቅዕ ካብ ደጊም

ኣብ ቀብሪ ዕልልታ ክንርኢ ኢና ጓይላ ብስርዓት ክዝየም።

ካባና ዝቐርብ ቀባሪ መን ኣሎ

ብዘይ ሰደድ ወረ ክቕበር ንወትሩ

ነበረ ክብሃል ክመሓ ካብ ሰሩ

ድኽነት ይሙት ንራኸብ ኣብ ቀብሩ። (ግርማይ፣ 1993፣ 37-40)

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ግጥሚ ኣብቲ መፅሓፍ ኣብ ገፅ 120 ዝቐረበ እዩ። ድኽነት ነጥፍእ ዝብል ትሕዘቶ ዘለዎን ካብቲ መፅሓፍ ተቐኒሱ ዝቐረበን እዩ። እዚ ብፍልይ ዝበለ ኣገላልፃ "ርሑስ ቀብሪ" ድኽነት ነጥፍእ ዝብል ዘሎ ብስራሕ እዩ። በቲ ሓደ ገፅ ተጋሩ ጥንኩር ባህሊ ኣለና ንብል ግን ድማ ኣብ ድኽነት ንነብር። እዚኦም ክልተ ነጋራት ዘይቃደዉ ይመስሉ ይኹን እምበር እቲ ሓቂ ግን ንሱ እዩ። ጥንኩር ናይ ስራሕ ባህለና ድኽነት ንምጥፋእ ክነውዕሎ ከምዝግባእ ዝገልፅ ትሕዝቶ እዩ። እዚ ንምስትምሃር ጥንኩር ናይ ስራሕ ባህሊ ዝጠቅም እዩ። ንተምሃሮ ብእወንታ ዝፀሉን እዩ። ተጋሩ በቲ ሓደ ገፅ ጥንኩር ናይ ስራሕ ባህሊ ኣሎዎ ይብሃል በቲ ካሊእ ገፅ ድማ ብድኽነት ይፍለጡ። እዞም ተገራጨውቲ ነገራት ንምትዕራቕ ድማ ህዝቢ ትግራይ ብፃዕሩ ድኽነት ነበረያነበረ ክገበር ከም ዘለዎ ዝገልፅ ዕቡቕ ትሕዝቶ ዘለዎ እዩ።

ኣብዚ ምዕራፍ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዝርርብ ግጥምታት ቀሪቦም ኣለዉ እቶም ግጥምታት እዞም ዝስዕቡ እዮም። ካብቲ ግጥሚ ንዝወፁ ሕቶታት ተዘራረቡሎም። ብዝብል መምርሒ ዝቐረቡ እዮም። ኣብ ገፅ 116 ከም ዝስዕብ ቀሪቦም ኣለዉ።

ንብል ፀገም የለን

ንብል ፀገም የለን እና ፀገመና

ውሽጥና ሓሪሩ ብርህ ይብል ገፅና

ብከብድና እንትንሓዝን ስንና ሰሓቒ

ነቲ ኻሊእ ወይከ ንዓና መሕመቒ። (ኣዴራ፣ 1999)

እዚ ግጥሚ ከም ባህሊ ተጋሩ ምስ ብዙሓት ነገራት ዝተኣሳሰር እዩ። መሪሪ ሓዘን ናይ ትግራይ ባህሊ እዩ። እዚ ካብ ርህሩነት ባህሊ ተጋሪ ዝውረስ እውን ክኸውን ይኽእል እዩ። ብዝኾነ

ምኽንያት ውላዳ ዝሳኣነት ኣዶ ንዓሰርተታት ዓመታት ትሓዝን። ኣካላታ ይማስን። ግን ብዙሕ ንደገ ኣይተውፅኦን ውሽጣ እንዳጓሃየት ዳሓን እየ እንዳበለት ዓርሳ ትጎድእ። ሓንቲ በዓል ገዝኣ ብዝኾነ ኣጋጣሚ ዝተፈለያ ኣዶ ብድሕሪ ስብኣይ ክተእቱው ኣይትደልን። ከም ነውሪ ትቆፅሮ ኣርኪበ ድየ ሎሚ ብድሕሪ እከለ በዓል ገዛይ ሰብኣይ ደልየ እናበለት በይና ቀልዑ ተዕቢ። ብውሽጣ እንዳሓረረት ትነብር። ንካሊእ ሰብ ዳሓን ከም ዘላ ኣምሲላ ትቐርብ። እዚ ክመሓየሽ ዘለዎ ልምዲ ወይ ባህሊ ትግራይ እዩ። ኣብዚ ምቕራቡ ድማ ባህልና ንኽንማዕብል ክጠቕመና ይኽእል እዩ።

ባህሊ ተጋሩ፤ ኣብ ምዕባልናን ምዕቃብ መንነትናን እወንታዊ ግደ ዘለዎ እዩ። ይኹን እምበር ከም ተጋሩ እናጎድኡና ዝርከቡ ድሑራት ልምድታት ኣለዉ። ሓዘን ተፈጥሮኣዊ ባህሪ ሰባት እዩ። ይኹን እምበር ኣብተጋሩ ብፍላይ ኣብ ገጠር ዝነብር ማሕበረሰብና ልዕሊ ዓቕኑ ኮይኑ ማሕበራውን ቁጠባውን ቁሉውላው እንትፈጥር ይርአ። ብሰንኪ ልዕሊ ሓዘን ሓዘን፣ ሕመቕ፣ ድኽነት፣ ሕማም፣ ሞትን ኣብ ልዕሊ ህፃናት ዘበፅሖ ስነ ልቦናዊ ሃሰያን ከቢድ እዩ። ካሊእ ሓዘን ንደገ ክወፅእ ኣሎዎ። ንሳባት ክካፈል ኣለዎ ከምኡ እንትኸውን እቲ ሓዘንተኛ ይወፀሉ፤ ይቐለሉ፤ ብውሽጢ እናሓዘንካ ምንባር ግን ጎዳኢ እዩ።

## 6. ተበላሓይነት፣ ትዕግስቲ፣ መስተውዐላይነት፣ ኣማታይነት ዝምልክት

ኣብዚ ምዕራፍ ብመሰረት እቲ ኣብነት ተጀሚሮም ንዘይተመልኡ ምስላታት መሊእኹም ፀሓፉ። ኣብነት ሕማም የባላሹ ጥምየት የዕሹ።

1. ሕማም ዘይብሉ
2. ሓዊ ሓሚሙ
3. ሕሙም ዓይኒ
4. ልብያ ጎበዝስ
5. ጨጓርያ ከልቢስ
6. ሕማም ይድይን

7 ወትሩ ዒሉ

8. ኣብ ሰነ ይመዉት

9 .ዓመት ኪዳ

10 እናርኣየ ቅበሮ

ነዞም ዓሰርተ ምስላታት ኣኪብኩም ነቶም ሓሙሽተ ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ ዝገልፁ መብራህርህታት ኣብ ዓውዲ ኣእቲኹም ፀሓፉ። ብዝብል መምርሒ ዝቐረበ እዩ።

ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝቐረቡ ምስላታት እንትንፍትሽ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ንረክብ። ሕማም ኣብ ወዲ ሰብ ዝብፅሖ ሃሰያ ክንደየናይ ከም ዝኾነ የርድኡ። ብፍላይ እቶም ኣርባዕተ ምስላታት ምስ ሕማም ዝተታሓሓዙ እዮም። እዚ ኣቀራርባ ፅቡቕ ኣይኮነን። ዝተፈላለዩ ዝዕባታት ዝሓዙ ዝተፈላለዩ ምስላታት ክኾኑ ነይርዎም። እዞም ምስላታት ናይ ውልቀ ሰባት ስብእና ዘመላኽቱ ሓፈሻዊ ፍልጠት ዘጨቡጡን እዮም። ንኣየናይ ባህሊ ትግራይ ክብሪ ትግራይ ብፉሉይ ይጥሙቱ ዝብል ምፍላይ ዝኸብድ ይመስል።

እዞም ምስላታት ዝተፈላለዩ ኣጠማምታታት ማሕበረሰብ ትግራይ ዘንፀባርቑ እዮም። ንዝተፈላለዩ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካዊ፣ እምነታውን ባህላውን ኩነታት ዝገልፁ እዮም። ተምሃሮ ነዞም ዝተጀመሩ ምስላታት ተመራሚሮም ሰባት ጠይቆም እንተማልእዎም ዝያዳ ባህሎምን ክብርታቶም እናተረድኡን ብፅምቀት እናተንተኑን ይኸዱ። ሃገር በቆል ፍልጠት እውን ይረኽቡ ብከምዚ መዳይ ዝቐርቡ ስነ ፅሑፋዊ ስራሕቲ ንምስትምሃር ቋንቋ ጥራሕ ዘይኮነስ ንምስትምሃር ባህሊ እውን ኣገደስቲ እዮም። በዚ መዳይ እንትርአ ኣቀራርባ ይኹን ኣመራርፃ ክብርታት ትግራይ ብመንፅር ስነ-ፅሑፍ ንምስትምሃር ባህሊ ዝድገፍ ኣቀራርባ እዩ።

ክሳብ ሕዚ ዝርኣናዮም ክብርታት ትግራይ ኣብዚ መፅሓፍ ምክታቶም ከም መስተምሃሪ ባህሊ ኮይኖም ዘገልግሉ እዮም። እዚ እንትብሃል እቶም ተምሃሮ ኮነ ኢሎም ባህሊ ይመሃሩ ኣለዉ ማለት ኣይኮነን። እቲ መምህር እውን ኮነ ኢሉ ባህሊ ይመሃር ማለት ኣይኮነን። መምህርን ተምሃራይን ቋንቋ ኣብ ዝመሃሩሉን ኣብ ዘስተምህሩሉን እዋን እግረመንገዶም ባህሊ ትግራይ ይመሃሩ ኣለዉ ማለት እዩ። እቲ ሜላ ተምሃሮ ብስዉር ባህሊ ዓዶምን ክብርታቶም ዝመሃሩሉ ዕድል ይፍጥር ኣሎ ማለት እዩ።

ብካሊእ ወገን ኣብዚ ሎሚ እዋን ገለ ክብርታት ትግራይ እናተሸርሸሩ ይርከቡ። ካብኣቶም ኣብ መንጎ ተጋሩ ዝነበረ ናይ ምክብባርን ምድግጋፍን ባህሊ እዩ። ምእንተ ግዝያዊን ውልቃውን ጥቕሚ ኢልካ ናይ ህዝቢ ረብሓ ኣብ ሓደጋ ምውዳቕን ሙሱናን ምጥቓስ ይካኣል። ንኣብነት ቀፂሎም ዘለዉ ግጥምታት ምስ ክብሪ ህዝቢ ትግራይ ንዘይከይድ ተግባራት መንግስቲ እንትወቅስ ይርአ።

ስርናይ መንግስቲ ሕሙስየ

ዓድና እንዶ ምሎስናየ።

እዚ ግጥሚ ተመዛበልቲ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ከተማታት ትግራይ ተዓቍቦም ዝርከቡን ዝድርፍዎ እዩ። ቀንዲ ትሕዝቶ እዚ ግጥሚ ድማ ናብ ዓድና ምለሱና ዝብል እዩ። ተመዛበልቲ ወገናት ትግራይ ካብ ሙዉቕ ገዝኦም ተመዛቢሎም ኣብ ከርፋሕ ናብራ ይርከቡ። ነዚ ድማ መንግስቲ ማለት ዝምልከቶም ኣካላት ዝብሃሉ ብስርዓት ናብ መረበቶም ንክመልስዎም ዝፅውዕ ኩነታት እዩ። ስርናይ መንግስቲ ሕሙስየ እንትብሃል እቲ መንግስቲ ፀረ ህዝቢ ከም ዝኾነ፣ ስቓይን ሓሰረ መከረን ህዝቢ ዘይርድኦም ከም ዝግልፅ እዩ። ብኻሊእ ኣገላልፃ ንመግስቲ ዝወቅስ ሂሳዊ ግጥሚ እዩ። እዚ ድማ ህዝብን መንግስትን ናብ ክብርታቱ ክምለስ ዝፅውዕ እዩ። ቀፂሉ ዘሎግጥሚ እውን ተመሳሳሊ ትሕዝቶ ዘለዎ እዩ።

ሕደጉኒ ኣታጉደፉኒ

ብዙሕ ውራይ ተሓላሊኹኒ

ተኸኢልኪ እማ ሓግዝኒ

ኣብ ክንዲ ምቅላል ኣይትዳዕነንኒ

ናይ ኩላትና እቲ ሑቖ መሲሉኒ።

እቲ ዓንዲ ምስ ተሰበረ

ኣለኪ ድዩ ሃገር ዝኸውን መብረ

ንግሆ ምምዕዳው ሕደግዮ

እቲ ሓመድ ዕትብትኺ ዝቐበርክዮ

መበቆልኪ ብኸመይ ድኺ ትርድእዮ

ዝተበተነ ህዝቢ ሒዘ

ዝተቆረሰ ዓዲ ከም ጉዚ

ሓሳብኪ እዩ ምሳኺ ክወፅእ ኣጋግዘ።

እዚ ትግራይ ንዘምሓድር ግዝያዊ ምምሕዳር ዝቐረበ ወቀሳ ዝሓዘ ይመስል። እታ ወቐሳ ተቕርብ ዘላ ድማ ትግራይ እያ። መሬት ትግራይ ንኸይምለስ፣ ዝተቆረሰ መሬት ሒዘ ትብል። እዛ ትግራይ እትብሃል ሃገር እንተጠፊኣ ካለእ ሃገር ኣለኩም ድዩ ኮይኑ ናይ ትግራይ መከራ እተነውሑ ዘለኩም ዝብል ትሕዘቶ ኣለዎ። ኣብ ትግራይ ዝተመዛበሉ ካብ ምዕራብ ትግራይን ደቡብ ትግራይ፣ ሰሜን ምዕራብ ትግራይን ካልኦትን ተመዛቢሎም ገሊኦም ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ትግራይ ገሊኦም ድማ ኣብ ሃገረ ሱዳንን ካልኦትን ተበቲኖም ተመዛቢሎም ኣብ ከርተት ይርከቡ። እዚ ድማ ስቓይ ህዝቢ ትግራይ ዝገልፅ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ኣብ ፀገም

**እንዳሃለወ ናይ ህዝቢ ፀገም ኣብ ክንዲ ምፍታሕ ፀገም ትግራይ ክታሓላለኽ ንዝገብሩ ኣካላት ሕደጉኒ ዝብል ምሕፀንታ ተቐርብ ኣላ። እዚ ናይ ህዝቢ ገምጋም እዩ። ሓድነትን ህዝባውነት ንዝብሃሉ ክብርታት ትግራይ ዝሸርሸር እዩ። ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ እውን ብከምዚ ኣገባብ ዝቐርቡ ንባህሊን ክብርታትን ትግራይ ኣብ ምፍላጥን ምዕቃብን ኣስተዋፅኦ ክገብሩ ዝክእሉ ኣቀራርባታት ዝድገፉ እዮም።**

# ምዕራፍ ሓሙሽተ

# መጠቓለልን ለበዋን

## 5.1 መጠቓለሊ

- እዚ መፅናዕቲ ኣመራርፃን ኣቀራርባን ክብርታት ትግራይ ንምስትምሃር ባህሊ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ እንታይ ከም ዝመስል ንምፍታሽ ዝተኻየደ።
- ዋና ረብሕኡ እዚ መፅናዕቲ ኣብ ምድላው መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ክብርታት ትግራይ እወንታዊ ብዝኾነ መልክዕ ንኸካተቱ፣ ንምስትምሃርን ንምዕቃብን ባህሊ ንምዕቃብን ከም ዝጠቕሙ ገይርካ ንምክታትን ከም እታወት ከይኑ ንኸገልግል እዩ። እዚ ካብ ሃገር በቆል ፍልጠታት ዝማዕበሉ ክብርታት ትግራይ እናተሸርሸሩ ከይኸዱ መንእሰይ ወለዶ ክፈልጦምን ፈሊጡ ክዕቅቦምን ከማዕብሎምን ይሕግዝ ዝብል እዩ።
- ክብርታት ትግራይ ንምዕቃብን ከም ባህሊ እናኾኑ ዝመፁ ዘለዉ ቅድም ኢሎም ናይ ውሑዳት ዝነበሩ ከም ስርቂ፣ ሕሶት፣ ምድግጋር፣ ነንባዕልኻ ምንዕዓቕ፣ ብሓባር ናይ ምስራሕ ባህሊ ምሽርሻር፣ ዝመሰሰሉ ናይ ትግራይ ባህሊ ዘይኮኑ ነገራት ድማ እናማዕበሉ ይርከቡ።
- ደረት እዚ መፅናዕቲ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ኮይኑ ኣብቲ መፅሓፍ ዝቐረቡ ስነ-ፅሑፋዊ ፅሑፍት መሰረት ይገብር። ኣብቶም ዝቐረቡ ስነ ፅሑፋት ኣብ ውሽጦም ዝሓዝዎም ክብርታት ትግራይ ብምፍላይ ኣመራርፀኦምን ኣቀራብኦም ዝምልከት ትንተና ዝሃበ እዩ።
- እቶም ስነ ፅሑፋት ብመልክዕ ግጥሚ፣ ልበ ወለድ ወይ ምልልስ ዝቐረቡ ኮይኖም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዓሰርተ ክፍሊ ዝቐረቡ እዮም። በዚ ድማ ብዕላማ መሰረት ኩሎም ኣብቲ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝቐረቡ ስነ-ፅሑፋዊ ፅሓፋት ኩሎም ተዳህሲሶም።
- ኣብ ሕድ ሕድ ምዕራፍ ዘለዉ ስነ ፅሑፋት ዝሓዝዎም ክብርታት ትግራይ እንታይ ምዃኖምን ንምስትምሃር ባህሊ ትግራይ ዘለዎም እወንታዊ ግደን ተዳህሲሶም። ክስተኻኸሉ ዘለዎም ኣቀራርባታት እውን ዘካተተ እዩ።
- ኣታሓራርያ መረዳእታ ሰነድ ፍተሻ መሰረት ዝገበረ ኮይኑ ፈላማ እቶም ስነ ፅሑፋዊ ስራሕቲ ተፈልዮም። ብምቕፃል እቶም ስነ ፅሑፋት ኣብ ውሽጦም ዘንፀባርቕዎም

ክብርታት ትግራይ እንታይ እንታይ ምዃኖም ተፈልዮም። ብምቕፃል ኣመራርፆኦምን ኣቀራርቦኦም እንታይ ከም ዝመስሉ እውን ንምትንታን ተፈቲኑ።

- ክብርታት ትግራይ እንታይ እንታይ እዮም ኣብ ከመይ ዝበለ ዓውዲ ቀሪቦም ንዝብሉ ሕቶታት ንምምላስ ፈተነ ተገይሩ። ናይ ተጋሩ ባህልን ክብርታትን ክዕቅቡ ብዘኽእልዎም መንገድታት ዝቐረቡ ምዃኖም ዘይ ምዃኖም ንምፍላይ ፃዕሪታት ተገይሩ።

- እቶም ኣብቲ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝቐረቡ ክብርታት ትግራይ መብዛሕትኦም ኣብ ናይ ህዝቢ ትግራይ ዓውዲ ብረታዊ ቃልሲ ዝቐረቡ እዮም። ተቓላሳይነት፣ ፀዋራይነት፣ ፍትሓዊነት፣ ርህርሁነት፣ ዘይተምበርካኽነት፣ ጋሻ ተቐባላይነት፣ ርትዓዊነት፣ ሓቦ፣ ኒሕ፣ ዋንኩር ናይ ስራሕ ባህሊ ዝመሳሰሉ ክብርታት ትግራይ ብስውር ኣብቶም ስነ ፅሑፋት ተኸቲቶም ይርከቡ። እዚኣቶም እወንታዊ ብዝኾነ መንገዲ ዝቐረቡ እንትኾኑ ኣብ ኩሎም ምዕራፋት ዝቐረቡ እዮም።
- ኣብቶም ዝቐረቡ ግጥምታት ናይ ትግራይ ባህልን ክብርታትን ሰሓባይ ብዝኾነ መልክዑ ዘካተቱ ኮይኖም ቀሪቦም። ብፍላይ እቶም ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ተደሪፎም ኣብቲ መፅሓፍ ዝቐረቡ ግጥምታት ናይ ማሕበረሰብ ትግራይ ቀሳዊ ባህሊ፣ ሃይማኖታዊ በዓላትን ናይ ትግራይ ፍሉይነት ዝገልፁ ክብርታት ትግራይን ዝሓዙ ኮይኖም ተረኺቦም።
- ብካሊእ መልክዕ ከም ባህሊ ወይ ልምዲ ትግራይ ኮይኖም ዝፀንሑን ኣብ ሕብረተሰብና ጉድኣት እናብፅሑ ከም ዘለዉ ዘርእዩ ኩነታት እውን ኣሎ። እዚ እውን እቲ ኣቀራርባ ነቶም ጎዳእቲ ልምድታት ብዝነፅግ መልክዑን ሕብረተሰብ ብዘንቅሕ ኣገባብን ቀሪቦም።

- ኣቀራርባ እቶም ክብርታት ኣብቶም ኣብቲ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝቐረቡ ምስላታት፣ ፈጠራዊ ፅሑፋት ሓፀርቲ ልበ-ወለዳት፣ ዝተፈላለዩ ገምጋም ስነ ፅሑፋዊ ፅሑፋት፣ ብመልክዕ ምልልስ ዝቐረቡ ወግዒታትን ምልልሳትን እዮም።

- እቶም ኣብ ናይ እያሱ በርሀ ደርፈታት መሰረት ገይሮም ዝቐረቡ ኣብ ትኽክለኛ ዓውዲ ዝቐረቡ እዮም። እቶም ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዓሰርተ ሽውዓተ ዓመት ዝተራኣዩ ዓወታት ምስ ክብርታት ትግራይ ተኣሳሲሮም ዝተረኸቡ ምዃኖም ዘድርኽ እዩ።

- እዞም ዓወታት ናይ እማን ምስ ክብርታት ትግራይ ዝተኣሳሰሩ ምዃኖም ድማ ኣብ ቀረባ እውን ዝተረኣየ መኸተ ዓብይ ምስክር እዩ። ምኽንያቱ ፀገም ተፃዋራይነት፣ ዘይተምበርካኽነት፣ ተበላሓይነት፣ ተበጃውነት ብፀዋራይነቱ ብሰዓራይነቱን ጠንካራነቱን ዝገርም መኸተ ስለ ዝገበረ። ብሓፈሻ ኣቀራርባን ኣመራርፃን ክብርታት ትግራይ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ኣብ ኣብዛሓ መዳዩ ዝናኣድ እንትኸውን ኣብ ውሱናት ዝተራኣዩ ጎደሎታተ ኣሎዉ።
- ትግራዋይ ጋሻ ተቐባሊ እዩ፣ ሓብሓቢ እዩ፣ ሩህሩህ እዩ፣ ኣማኒ እዩ፣ ኣብ ሓድነት ዝኣምን እዩ፣ ኣብ ጠንካራ ውዳበ ዝኣምን እዩ፣ መስተውዐሊ እዩ። እዞም ክብርታት ከርእዩ ዝኽእሉ ክብርታት ትግራይ ኣብቲ መፅሓፍ ኣይተኻተቱን።
- ብካሊእ መልክዕ እዞም ጠቓምቲ ዝኾኑ ዘኹርዑ ክብርታት ትግራይ ኣብዚ ሕዚ እውን እናተሸርሸሩ ይርከቡ። እዞም ክብርታት ትግራይ ተሸርሺሮም ማለት ትግራዋይነት ዝበሃል መንነት ኣብ ሓደጋ ይኣቱው ኣሎ ማለት እዩ። ስለዚ ኣብቲ መፅሓፍ እዞም ፀገማት ከስተኻኽል ኣብ ዝከእልሉ ዕድላት ኣብ ምፍጣር እወንታዊ ግደ ክፃወቱ ብዝኽእሉ ባህሊና ንምፍላጥን ንምዕቃብን ብዘኽእሉ ኣገባባት ዝኣተዉ ኣይኮኑን።

## 5.2 መደምደምታ

ክብርታት ትግራይ ኣብ ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ተኻቲቶም እዮም። ካብቶም ዝተኻተቱ ክብርታት ሰዓራይነት፣ ዘይተምበርካኽነት፣ ጀግንነት፣ ተበጃውነት፣ ተበላሓይነት፣ መንፈስ ሰዓራይነት፣ ርትዓውነት፣ ጋሻ ተቐባላይነት፣ ወፅዓ ዘይተቐባላይነት ፃዓራይነት ዝመሰሉን ካልኦትን ተጠቀስቲ እዮም።

ክብርታት ትግራይ ኣብዚ መፅሓፍ ምስ ዕጥቃዊ ቃልስን መኸተን ተኣሳሲሮም ኣብ ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ተጋዳላይ ኣርቲሰት እያሱ በርሀን ካልኦትን ዝቐረቡ እዮም። ስለዚ ኣብ ካልኦት ዓውድታት ማሕበራዊ ቁጠባዊ ጉዳያት ክብርታት ትግራይ ኣተኻተቱን። እዚ ክብርታት ትግራይ ብኩሉ ማሕበረሰብ ክፍለጡን ክዕቀቡን ዘይገብር ኣሰራርሓ እዩ።

ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ዓስርተ ክልተ ክፍሊ ዝርከቡ ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ ንክብርታት ትግራይ ዓቂቦም ዝቐረቡ እዮም። ስለዚ ስነ-ፅሑፋዋዊ ስራሕቲ ኣብ ምዕቃብ ክብርታት ትግራይ ዝናኣድ ግደ ይፃወቱ ኣለዉ።

ክብርታት ትግራይ ሕዚ እናተሸርሸሩን እናጠፍኡን ይኸዱ እኳ እንተሃለዉ ንዚኦም ብዝእርም መንገዲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ኣይተኻተቱን። ብተወሳኺ ከም ጎዳእቲ ባህልታት ወይ ልምድታት ትግራይ ኮይኖም ዝፀንሑ ልምድታት  ሕብረሰብ ክርሕቆም ምእንቲ ሃናፃይ ብዝኾነ ኣቀራርባ ዝቐረቡ ኣይኮኑን።

ብሓፈሻ ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕቲ መፅሓፍ ተምሃራይ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ንክብርታት ትግራይ ዋጋ ዝሀበን ዘካተተን እዩ። ከብዚ ብላዕሊ ኣካታታይን ሃናፃይ ዝኾነ ኣቀራርባን ንውሕስነት ክብርታት ትግራይን ተምሃሮ ብስነ ፅሑፍ ኣቢሎም ባህሎም ክፍትሹን ክዕቁበን ዝገብር ኮይኑ ተረኺቡ።

## 5.2 ለበዋ

*ካብዚ መፅናዕቲ ብምብጋስ እዞም ዝስዕቡ ለበዋታት ቀሪቦም ኣለዎም ።*

- *ኣብዚ መፅሓፍ ዝተኸተቱ ክብርታት ትግራይ ናይ ተጋሩ ሓለፋታት ዘርእዩን እውንታዊ ብዝኾነ መልክዑን ዝቐረቡ ስለ ዝኾኑ ንካልኦት መርኣያ እትኸውን እያ። እቶም ክብርታት ትግራይ ንምስትምሃር ባህሊ ትግራይ እውን ዝጠቕሙ እዮም። ስለዚ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ኣብ ምክታት ክብርታት ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ነዚ መፅናዕቲ ከም እታወት እንተዝጥቀም።*
- *ድሕሪ ሕዚ ዝዳለዉ መፅሓፍቲ ካብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ተሞክሮ ብምውሳድ ክብርታት ትግራይ ንምስትምሃር ባህሊ ትግራይ ሓገዝቲ ብዝኾነ ኣገባብ ክዳለው ንምግባር ግንዘበ እንተዝፍጠር።*
- *ንመምህራን ኣብ ክብርታት ትግራይ ባህሊ ትግራይን ኣብ መፅሓፍቲ ተምሃራይ ዝብል ስልጠና እንተዝረኸቡ። እዚ ኣብ ምስትምሃር ቋንቋ ንባህሊ እውን እግረመንገዶም ትኹረት ክገብሩ እቶም ክብርታት ትግራይ ኣብ መፅሓፍ ከመይ ቀሪቦም ኣብ ምፍላጥን ምዕቃብን ከምኡ እውን ምምዕባል ክብርታት ትግራይ እንታይ እወንታዊ ግደ ከም ዘለዎም ዘረድእ ስልጠና እንተዝውሃቦም። መምህራን እውን እዚ ተረዲኦም ሓላፍነት ወሲዶም ንተምሃሮ እንተዝሃንፁ።*

# ዉኩሳት ድርሳናት


ረዳኢ. ሓለፎም። (2012)። የመቐለ ስምምነት፣ መቐለ፣ ቤት ሕትመት ደስታ ጨርቆስ።

መዝገበ ገብረሚካኤል። (2012 ዓ.ም.)። "መለለይታት ባህላዊ ምትሕግጋዝ ትግራይ።" ኣ.ቋ.ት. መቐለ።

ባህሩ ዘውዴ። (2007)። የኢትዮጵያ ታሪክ፦1847-1883፤ ኣዲስ ኣበባ።

ተክለሃይማኖት ገብረፃዲቅ (2007 ዓ.ም.)። "በኣንደኛ ደረጃ የመጀመርያ እርከን የትግርኛ ቋንቋ ስርዓተ ትምህርት ውስጥ የኣገር በቀል እውቀት ኣካቶ ፍተሻ"ኣ.ኣ.ዩኒቨርሲቲ።

ታደሰ ሃይለማረያም። (2004። ስነ-ፅሑፍ ኣብ ምስትምሃር ቋንቋ ዘይታሓተመ ሞጅል። ኣዲስ ኣበባ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ።

ዘሪሁን ኣስፋው። (1992) ። የስነ-ፅሑፍ መሰረታዊያን። ኣዲስ ኣበባ ንግድ ማተሚያ ድርጅት።

ዳንኤል ተኸሉ። (2016 ዓ.ም.)። <u>ግብሪ ደም፤ሰኽምና ዖር ብዙሓት፣ ነቓፅ ክንልሕም...?</u>

ዳንኤል ተኸሉ። (1999 ዓ.ም.) ። ህልዊ ኩነታት ስነ-ፅሑፍ ትግርኛ። ኣብ መበል 2ይ ዋዕላ ቋንቋታት ትግራይ ዝቐረበ መፅናዕታዊ ፅሑፍ።ማሕበር ባህሊ ትግራይ፣ መቐለ።

-------- (1998) ። <u>ሜላታት ኣማሃህራን ኣፈታትናን ክእለታት ቋንቋ። </u>መቐለ። ቤት ሕትመት ሜጋ።

ጌታሁን መሰለ ። (1997) ።"ግደ ስነ-ፅሑፍ ኣብ ምምዕባልቋንቋ ትግርኛ።" ካብ 18-

19 ሕዳር 3ይ ስሩዕ ጉባኤ ማሕበር ባህሊ ትግራይዝቐረበ መፅናዕታዊ ፅሑፍ።

-------- (1999) ። ፅሕፈትን ፅሑፍን ኣብ ትግርኛ፤ ኩነታትን ገለ ሕፀረታትን ኣፀሓሕፋ። ኣብ መበል 2ይ ዋዕላ ቋንቋታት ትግራይ ዝቀረበ መፅናዕታዊ ፅሑፍ። መቐለ፣ ማሕበር ባህሊ ትግራይ።

ኣካዳሚ ቋንቋታት ትግራይ። (2010 ዓ.ም.)። ስያመ ቃላት ምርምርን ስርዓተ-ንጥብን። ኣዲስ ኣበባ፣ .

Collie, J. Slattern, S. (1987) literature in the language classroom. cambridge university press.

Grellet, F. (2006) devloping reading skills. Cambridge. Cambridge university press. university

Hadoun, H. (2014)" Teaching language through literature." adignostic study on the teaching of English as aforingn language. king saud university.

Kahatib, M and et.al. (2012). ''literature and language teaching'' Tehran, Iran; Allameh; Tabataba university.

Krashen, D. S. (1988) "second language acquisition and second language learnig" Aguied to learnig English: All your English needs.http://es. /fiedu./teachers/Krashen.htm. retirved on 7/20/2015.

Melakneh, M (1996) fundamentals of literature. Ethiopia: Adiss Abeba university. Oxford English dictionary. Oxford university Press.

passani, K. (2005)":revising the inductive presentation. Foreign language annals.Vol.38, no.1 2005.

Short,k. G. et al. (2014) Essentials of childrens literature. Boston: Pearson.

Turker, F. (1991)" using literature in language teaching'' Haccttepe University.

Yeasmin, N. et al. (2011)" teaching language through literature" designing appropriate class room activitie. Bngladish ASA University review,Vol. S.2

Zoltan, (2005)'' meta linguistic awareness and the effective writing''